

# መምርሒ መፅሓፍ

## ንግዳያት ኣብ እዋን ግጭት ዝፍፀም ፆታዊ ጥቓዓት ዝግበር ኩለንተናዊ ክንክን

HÔPITAL GR DE PANZI

PANZI FOUNDATION RDC

dr. Denis Mukwege Foundation

**ደኒስ ሙክዌገ ፋውንዴሽን**
ላን ቫን ሜርደርቮርት 702517
ኣን ሃግ ሆላንድ

info@mukwegefoundation.org

እዚ መፅሓፍ ክሕተም ዝኽኣለ ብደገፍ {3>ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት<3} (UNHCR) እዩ-፡፡

ትሕዝቶ ናይዚ ሰነድ ሓላፍነት ናይ ፓንዚ ፋውንዴሽን እዩ፡፡

ኣብዚ ሰነድ ዝግለፅ ዝኾነ ይኹን ርእይቶ ናይ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም ዝውክል ክውሰድ የብሉን፡፡

© ፓንዚ ፋውንዴሽን 2019
ስእልታት ©: ቶሪፍ ስቨንሶን፣ ዶ/ር, ደኒስ ሙክዌገ ፋውንዴሽን፣ ቲየሪ ሚሸል
ፓንዚ ፋውንዴሽን

ኣቀማምጣን ዲዛይንን፦ ባኮስ
ዲዛይን

**www.fondationpanzirdc.org**
**www.hopitaldepanzi.com**
**www.mukwegefoundation.org**

# TABLE OF CONTENTS


**መቕድም** ........ 4

**1. መእተዊ** ........ 6

**2. ስነ-ቓላት** ........ 8

ብህይወት ዝተረፈ፣ ግዳይ ከምኡ'ውን ተሓካሚ ........ 8

ፆታዊ ዓመፅ ከም መሳርሒ ኲናት / ምስ ግጭት ዝተኣሳሰር ፆታዊ ጥቕዓት/ ኣብ እዋን ኲናት ዝፍፀም ፆታዊ ጥቕዓት ........ 9

ፆታዊ ገለልተኛ ቋንቋ ........ 9

**3. እቲ ኩለንተናዊ ኣቀራርባ** ........ 10

ኣዕንዲ ........ 10

ማእኸላት መሐብሐቢ ........ 11

ፓንዚ ሞዴል፦ ኩሉም ኣገልግሎታት ኣብ መሓውር ጥዕና ዝተዋሃሃዱ ........ 12

መሰረትን ትሕተ ቕርፂ ........ 12

**4. ኣገዲስቲ ኩነታት ንትግባረ ሞዴል ፓንዚ** ........ 14

ንጡፍ ኣመራርሓ ........ 14

ስልጠና ሰራሕተኛታት ከምኡ'ውን ናይ ሓባር ስራሕ ........ 15

ተበፃሕነት ማሕበረ-ሰብ ........ 15

ውሽጣዊ ኣሰራርሓታት ........ 16

**5. ፓንዚ ሞዴል፦ መምርሒ ደረጃ ብደረጃ** ........ 17

I. እንቋኹ ዕ ብደሓን መፃእኩም፣ ምዝገባ ከምኡ'ውን ኣብ ግንዛበ ዝተመስረተ ፍቓድ ........ 18

II. ምውሳድ/ምእታዉ ........ 18

III. መደብ ክንክን ምድላዉ ........ 19

IV. ትልሚ ክንክን ተሓካሚ ምፍፃም ........ 20

ምዕፃው ጉዳይ ........ 26

**6. ፅልዋ** ........ 27

ውልቃዊ ደረጃ ........ 28

ደረጃ ስርዓት ክንክን ........ 29

ደረጃ ሕብረተሰብ ........ 29

**7. መደምደምታ** ........ 30

**ሕዛል** ........ 31

# መቕድም



ሓኪም ክኸውን ምስ ወሰንኩ፣ ተስፋይ ኣብ ሃገረይ ጥዕና ኣዴታትን ዕሸላትን ንምምሕያሽ ጥራይ እዩ ኔሩ። ስለዚ ድማ እየ ንናይ ማህፀን ሕክምና ዝመረፅኩ። ፊስቱላ ንምሕካም ወይ ፋውንዴሽን ንምጅማር ወይ ኣክቲቪስት ክኸውን ኣይተበገስኩን። ዶክተር ክኸውን እየ ዝደሊ ነይረ። ንዝተፀገሙ ሰባት ክከናኸን ደለኹ።

እዚ ድማ ክሳብ እቲ ኲናት እዩ ነይሩ። እቲ ግጭት ኣብ 1996 እዩ ጀሚሩ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ክንክን ኣዴታት ንምሃብ ሓሲበ ፓንዚ ሓፈሻዊ ሪፈራል ሆስፒታል መስሪተ። እተን ቀዳመዎት ካባና ክንክን ሕክምና ዝረኸባ ተሓከምቲ ግን ጥንኩር ናይ ማህፀን መጕዳእቲ ዘለወን ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን እየን። ቁፅሪ እቶም ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእተዉ ጕዳያት ክውስኽ ምስ ጀመረ፣ ተሓከምቲ ሰባት ድማ በብቑሩብ እንታይ ከም ዘጋጠመን ክገልፃ ምስ ጀመራ፣ እቲ ግጭት ዘይርአ ብዝመስል ኣፀዋር ከም ዝተገልፀ ተረዳእኹ፦ እዚ ድማ ፆታዊ ጥቕዓት እዩ። ፆታዊ ዓመፅ ከም መሳርሒ ኲናት ተቐፂሩ ንውልቀሰባት፣ ስድራቤታትን ማሕበረሰባትን ካብ ሰብኣውነት ንምውራድ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ። ስለዚ፣ ምርጫ ኣይነበረናን። ኣነን ጋንታይን ከምቲ ንሓደሽቲ ኣዴታትን ዕሸላተንን ንገብሮ ዝነበርና ንብዙሓት ግዳያት ፆታዊ ዓመፅን ከምኡ’ውን ፆታዊ ጥቕዓትን ክንከናኸን ጀመርና።

ናባና ንዝመፀ ነፍሲ-ወከፍ ግዳይ ምሉእን ልዑል ፅፈት ዘለዎን ሕክምናዊ ክንክን ሂብና። መስርሕና ድማ ኣብተን ናይ መጀመርታ ሒደት ዓመታት ሓደ ዓይነት እዩ ነይሩ። ሓደ መዓልቲ ግና ሓንቲ ብዕድመ ዝደፍአት ሰበይቲ ናብ’ቲ ሆስፒታል ኣተወት፣ ንሳ ድማ ኩሉ ነገር ቀየረት።

እዛ ሰበይቲ ብዘስካሕኽሕ ኩነታት ተዓሚፃ፣ እዚ ድማ ከቢድ ሕክምናዊ ፀገማት ገዲፉላ። ፅቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፣ ነቲ ኣካላዊ መጕዳእታ መጥባሕቲ ከንገብረላን ክንሕክማን ክኢልና። ግዜ እናሓለፈ ምስ ከደ ግና፣ ሕክምናዊ ክንክን እኹል ከምዘይኮነ ንፁር ኮይኑ። ኣካላታ ክሓዊ እኳ እንተጀመረ፣ ካብ ዓራታ ወሪዳ ክትንቀሳቐስ ግን ኣይከኣለትን – ክትንቀስቓስ፣ ክትዛረብ ወይ ክትበልዕ ኣይደለየትን። እዛ እናሕጎ ዝኾነት ሰበይቲ ኣብ ቀድሚ ምሉእ ስድራኣ ከም ዝተዓመፀት ክንፈልጥ ክኢልና። ካብዚ ጥቕዓት እዚ ዓብዪ ሕፍረትን ማሕበራዊ ፀለመን ተሰሚዕዋ – እቲ ሕክምናዊ ፅገና ኣካላታ ንኸልእ ድሌታታ ክሳብ ዘይመለሰ ትርጕም ኣልባ ጌሩዎ።

ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ተመኩሮታት ኣብ ክንክን ግዳያት ፆታዊ ጥቕዓት ዝያዳ ኩለንተናዊ ኣቀራርባ ከምዘድሊ ኣዲንትና ከፊቶምልና። ብሰንኪ'ቲ ዝኸፍአ ፆታዊ ጥቕዓት ፣ እተን ግዳያት ኣካላተን ጥራሕ ዘይኮነ ተንዲኡስ መንፈሰን'ውን ተሰይሩ፣ ምስ ዝፈትውኦም ሰባት ዘለወን ርክብ ኣብ ሓደጋ ኣትዩ፣ መነባብሮኦን ናይ ምምራሕ ዓቕመን ድማ ኣዝዩ ነክዩ። ግዳያት ፆታዊ ጥቕዓት ምሉእ ብምሉእ ንኸሓውያ፣ እዞም ፀገማት እዚኦም እውን ክቐረፉ ከምዘለዎም ተገንዚብና። ፓንዚ ፋውንዴሽን DRC (ዲ.ኣር.ሲ) ዝፈጠርናሉ ምኽንያት፣ውን ነዚ እዩ። እቲ ሆስፒታል ብደገፍ እቲ ፋውንዴሽን ዝህቦ ኣገልግሎት ጥዕና ንኹለ መዳያዊ ድሌታት ናይተን ግዳያት ዘማልእ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኣብቲ ነዊሕን በዳህን መስርሕ ሕውየት ዝመርሑ ተወሰኽቲ መደባት ከማልእ ኪኢሉ።

ምስቲ መዓልታዊ፣ ዓመት ንዓመት ዝፍፀም ፆታዊ ጥቕዓት ዘስዕቦ ዘስካሕክሕ ጕድኣት ኣብ ዝገጠመሉ እዋን፣ ዝያዳ፦ ፍልጠትናን ተመኩሮናን ንለውጢ ንምምችቻው ክንጥቀመሉ፣ ብዛዕባ በደላት ክንዛረብ፣ ተሓታትነት ክንጠልብን መቕፃዕቲ ዘይምህላው ከነብቅዕን፣ ኣንፃር ፀለመ ክንቃለስ ከምኡ'ውን ነቲ ጥቕዓት ዘራብሕ ስርዓት ክንብድህ ኣተባቢዕና።

ብቐፃሊ መስርሕ ትምህርቲ፣ ንግዳያት ፆታዊ ጥቕዓት ምስማዕ፣ ከምኡ'ውን ንዝግበር ክንክን ምስቲ ኣብ ምብራቓዊ DRC (ዲ.ኣር.ሲ) ዘሎ ተለዋዋጢ ኩነታት ብምስናይ ኢና ሞዴል ፓንዚ ዝፈጠርና። ነዚ ሞዴል ብምስናድ ካልኦት ካብ ተመኩሮታትና ከመሃሩን ብድሕሪሉ ድማ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ግዳያት ኩለንተናዊ ክንክን ክረኽቡን ተስፋ ንገብር። እቲ ዝለዓለ ዕላማና ግዳያት ይኹኑ ሕብረተሰብ ካብ ኣቐርቦት ኩለንተናዊ ክንክን ተረባሒቲ ክኾኑ ዝገብር ኮይኑ፣ ኣብ መወዳእታ ድማ ፆታዊ ዓመፅ ከም መሳርሒ ኲናት ምጥቃም ከብቅዕ ምግባር ኢዩ።

**ዶ/ር ደኒስ ሙክዌ**
ቡካቩ፥2019




# 1.
# መእተዊ

**እዚ መምርሒ መፅሓፍ ትካላት ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ዝርከቡ ዞባታት ግጭትን ድሕሪ ግጭትን ካብ ፆታዊ ጥቓዓት ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ክንክን ክህባ ከለዋ ንምምራሕን ንምድጋፍን ዝተዳለወ እዩ። ብፍላይ ድማ ንሰራሕተኛታት ቴክኒክ፣ ሰብ ሞያ ጥዕና፣ ሓንፀፅቲ ፖሊሲን ተመራመርትን ኣብ ማእኸል መሐብሐቢ ኩለንተናዊ ክንክን ኣቀራርባ ዝግደሱ ንምሕጋዝን ንምሕባርን ዝተዳለወ እዩ።**

ኣብዚ መምርሒ መፅሓፍ እዚ ዝቐረቡ መምርሒታት፣ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ሆስፒታል ፓንዚ ኣብ ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ (መብዛሕቲኡ ግዜ ብቐሊሉ 'ፓንዚ' ተባሂሉ ዝፅዋዕ) ኣብ ዘሎ ተመኩሮታትን ፕሮቶኮላትን ዝተመርኮሰ እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ትሕዝቶታትን ባህልታትን ንኽጥቀመሉ ዝተመጣጠነ ክኸውን ይኽእል።

ፓንዚ ሓፈሻዊ ሪፈራል ሆስፒታል ኣብ 1999 ብዶክተር ዴኒስ ሙክወገ ዝተባህለ ሓኪም መጥባሕቲ፣ ሓኪም ማህፀንን ተሓላቒ መሰላት ደቂ ኣንስትዮን ተመስሪቱ። እቲ ሆስፒታል ኣብ መጀመርታ ንደቂ ኣንስትዮ ብቑዓት ዘለዎ ናይ ኣዴታትን ስነ-ተዋልዶ ክንክን ጥዕና ንምሃብ ዝተመስረተ ኮይኑ ግን ነቲ ኣብ ምብራቓዊ DRC(ዲ.ኣር.ሲ) ዘጋጠመ ኣዕናዊ ኩናት ከምኡ'ውን ብሰንኪ እቲ ግጭት ዘምፅኦ ልዑል ደረጃ ፆታዊ ዓመፅ ከምኡ'ውን ካልእ ዓይነት ፆታዊ ጥቓዓት ምላሽ ንምሃብ፣ እቲ ሆስፒታል ነዊሕ ከይፀንሐ ማእኸል ክንክን ግዳያት ፆታዊ ጥቓዓት ኮነ። ካብ ሽዑ ጀሚሩ ሆስፒታል ፓንዚ ንልዕሊ 52,000 ካብ ፆታዊ ጥቓዓት ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ሓኪሙ ኣሎ።

ኣብ 2008፣ ፓንዚ ፋውንዴሽን DRC(ዲ.ኣር.ሲ) ንኣገልግሎት ሆስፒታል ፓንዚ ንምሕጋዝ ተመስሪቱ። ብሓባር፣ እቲ ሆስፒታልን ፋውንዴሽንን ካብ ፆታዊ ጥቓዓት ከምኡ'ውን ዝተሓላለኸ መጉዳእቲ ማህፀንን ንግዳት ብኹለንተናዊ ሞዴል ክንክን ብምሕካም ዝና ረኺቦም እዮም።



1. መእተዊ

# ኣብ ዝፀንሐ ኣገልግሎት ጥ ዕና ስነ ተዋልዶ ምውህሃድ

ኣብ ፓንዚ ዝርከብ ዋን ስቶፕ ማእኸል መሐብሐቢ፣ ምስ ፆታዊ ጥቕዓት {1>ዘይተኣሳሰር<1} ዝተሓላለኸ ናይ ማህፀን መጉዳእቲ ዘጋጠሞምን ካብ ፆታዊ ጥቕዓት ብህይወት ንዝተረፉን ሰባት ተበፃሕነት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንምምችቻው ምስቲ ዝፀንሐ ኣገልግሎት ስነ-ተወልዶ ናይቲ ሆስፒታል ተዋሃሂዱ። እዚ ውሳነ እዚ ብህይወት ንዝተረፉ ሰባት ዝተነፀለ ኣገልግሎት ንምውጋድ ዝተገብረ ኮይኑ፣ ንሓደጋ ምፅላም ንምንካይ እዩ። ማእኸል መሐብሐቢ ናብቲ ቅድሚ ሐዚ ዝነበረ ከባቢ ስርዓት ክንክን ጥዕና ምውህሃድ፣ ዘላቕነት ናይቲ መደብ ንምርግጋፅ ይሕግዝ።

እዚ ኣቀራርባ ምሉእ ምደባ ድሌታት ናይተን ግዳያት ፆታዊ ጥቕዓት ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ዘማልኡ ኣገልግሎታት ዘጠቓልል ኮይኑ፣ ኣካላዊ ሕውየት፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ደገፍ ከምኡ’ውን ክልቲኦም ተሓከምቲን ማሕበረሰባቶምን ሕጋዊ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ሓገዝ ይሓውስ። ፓንዚ ነዞም ኣገልግሎታት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዋን ስቶፕ ማእኸል መሐብሐቢ ተባሂሉ ብዝፍለጥ ማኸል ንፅል ስርዓት እዩ ዝህቦ።

ብዘይካ እቶም ኣርባዕተ ኣፅንዲ ክንክን (ሕክምናዊ-፣ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን-፣ ናይ ሕጊ ሓገዝ፣ ከምኡ’ውን ማሕበራውን ቁጠባውን ዳግመ-ውህደት)፣ ርህራሄ ዝተመልኦ ክንክን ከምኡ’ውን ኣብ መረዳእታ ዝተመስረተ ትልሚ ከም መሰረት ናይቲ ምሉእ ስርዓት ክቑፀሩ እንከለዉ ተጣባቕነት ድማ ንሕድሕድ ውልቃዊ ኣገልግሎት ምስ’ቲ ናይ መወዳእታ ዕላማ ዝኾነ ሓፈሻዊ ለውጢ ሕብረተሰብ የወሃህዶ።

ዶክተር ሙኩወግ ንጉጅልኡን ኣብ መጀመርታ ንሳዕቤናት ምስ ግጭት ተተሓሒዞ ምስ ዝመፅእ {2>ፆታዊ<2} ጥቕዓት ምላሽ ዝህቡ እኳ እንተነበሩ፣ ንኻልኦት ዓይነታት ፆታዊ ጥቕዓት ከም ናይ ቀረባ መፃምድቲ ጥቕዓትን ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን ዝወሃብ ኣገልግሎታት እውን ኣብ ዋን ስቶፕ ማእኸል መሐብሐቢ ይሕከሙ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት፣ ፓንዚ {3>ንጠንቂ<3} ወሲባውን ኣብ ፆታዊ ጥቕዓትን ንምፍታሕ ዝተፈላለዩ መደባት ኣዳልዩ ኣሎ፣ እዚኦም ድማ ንሰናይ ምምሕዳር ተጣባቕነት፣ ምምላስ ፀጥታን ምኽባር ልዕልና ሕጊን ዝኣመሰሉ እዮም።

Aብመሰረት እቲ ኣብ ፓንዚ ዝርከብ ጉጅለ ነቲ ብድሕሪ ኩለንተናዊ ኣቀራርባ ዘሎ ክልሰ-ሓሳብ ድሕሪ ምግላፁ እቲ መምርሒ መፅሓፍ ዕዉት ዝኾነ ማእኸል መሐብሐቢ ንምጥያሽ አድላዪ ዝኾኑ ነገራት የቕርብ። ማእኸላይ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ መፅሓፍ ንልሙዳት ስጉምትታት መስርሕ ክንክን ኣብ ፓንዚ ዋን ስቶፕ ማእኸል መሐብሐቢ ዝተወፈየ እዩ። እዞም ስጉምትታት፦ ምውሳድ፣ ንድፊ ውጥን ክንክን፣ ምፍፃም ውጥን ክንክን፣ ከምኡ’ውን ምዕፃው ጉዳይ ዘጠቓልሉ እዮም። ኣብ መወዳእታ እዚ መምርሒ መፅሓፍ ኣብ ፓንዚ ብተግባር ኩለንተናዊ ኣቀራርባ ክረጋገፅ ዝኽእል ጠቓሚ ውፅኢት የጉልህ። እዞም ጥቕምታት እዚኣቶም ኣብ ውልቀሰብ፣ ኣብ ስርዓት-ክንክንን ኣብ ሰፊሕ ሕብረተሰብን ፅልዋ ዘለዎም ኮይኖም ተረኺቦም። ኣብ መወዳእታ፣ እዚ መምርሒ መፅሓፍ እዚ በቲ ኩለንተናዊ ኣቀራርባ ኣቢሉ ግዳያት ናብ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ክቕየሩ ከም ዝኽእሉን እዞም ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ድማ ደለይቲ ፍትሕን ሓያላት መጋበርያ ለውጥን ክኾኑ ከም ዝኽእሉን የረጋግፅ።



# 2.

# ስነ-ቓላት

## ብህይወት ዝተረፈ፣ ግዳይ ከምኡ’ውን ተሓካሚ

ኣብ ምሉእ እዚ ሰነድ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ‘ብህይወት ዝተረፈ’፣ ‘ግዳይ’ ከምኡ’ውን ‘ተሓካሚ’ ዝብሉ ቃላት ብዝምልከት መፍትሒ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። ‘ብህይወት ዝተረፈ’ ፆታዊ ጥቕዓት ንዘጋጠሞም ውልቀሰባት ፅንዓትን ምሕያልን ዘንፀባርቐ ኮይኑ ኣብ ፅላታት ስነ-ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ደገፍ ዝያዳ ዝረአ እዩ። ‘ግዳይ’ መብዛሕትኡ ግዜ ንፍፃመ ግዳይነትን ሕጋዊ ኩነታትን ብምጥቃስ ክጥቀመሉ እንከሎ፣ ‘ተሓካሚ’ ድማ ኣብ ሕክምናዊ ዓውዲ ዝበዝሐ ይርአ።[1] ኣብ ፓንዚ እትርከብ ጋንታ ነቶም ቃላት ብተለዋዋጢ መንገዲ እያ ትጥቀመሎም። ነቶም ዝኸፍአ ግፍዒ ዘጋጠሞም ከም ሓቀኛታት ጀጋኑን ከም ብህይወት ዝተረፉ ሰባትን ይርእዮም። ኰይኑ ግና፣ ኣብ ተመሳሳሊ እዋን እቶም ውልቀ-ሰባት ዘጋጠሞም ሓያል ስምዒት ግዳይነት ይምስክሩ እዮም ። ኣብ መወዳእታ፣ እቲ ጥቕዓት ዘጋጠሞ/ማ ሰብ ከመይ ገይሩ ንነብሱ/ሳ ከም ዘለልያ ከምኡ’ውን ምስ ቋንቋ ናይቲ ሰብ እንታይ ከም ዝሰማማዕ እዩ።

ኣብዚ ሰነድ፣ መብዛሕትኡ ቋንቋ ምስቲ ንሕውየት እንርእየሉ ኣገባብ (ኣብ ታሕቲ ብዝርዝር ተገሊፁ ኣሎ) ዝሰማማዕ ክኸውን እዩ፣ ኣብዚ ተሓከምቲ ከም ግዳያት ናብቲ ስርዓት ይኣትዉ ግን ከኣ ከም ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ይቕልቀሉ።

---

[1] https://bit.ly/2Da4Xjq፣ ገፅ 11

## ፆታዊ ዓመፅ ከም መሳርሒ ኲናት / ምስ ግጭት ዝተኣሳሰር ፆታዊ ጥቓዓት/ ኣብ እዋን ኲናት ዝፍፀም ፆታዊ ጥቓዓት

ፆታዊ ጥቓዓት ኣብ መላእ ዓለም ብሰራዊት፣ ኣባላት ዘይመንግስታዊ ዕጡቕ ጉጅለ ወይ ግብረሽበራዊ ውድብ ወይ ሲቪል ህዝቢ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ከም ሜላ ኲናት ንሲቪል ህዝቢን ኣባላት ንምውራድ፣ ንምዕብላል፣ ፍርሒ ንምስፋር፣ ንምብታንን/ወይ ብሓይሊ ማሕበረሰብ ወይ ብሄር ብሄረሰባት ንምግዓዝን ይጥቀሙሉ። ኣብዚ ቀረባ ዓመታት፣ ፆታዊ ጥቓዓት ብኣኽረርቲ ጉጅለታት ንህዝቢ ንምርዓድ፣ ምብዛሑ ንምቁፅፃር፣ ንሲቪል ህዝቢ ካብ ስትራተጂካዊ ከባቢታት ንምምዝባል ወይ ድማ ካብ ፆታዊ ባርነት ኣታዊ ንምእካብ ይጥቀሙሉ ኣለዉ።

ኣብዚ መምርሒ መፅሓፍ፣ ሓድሓደ ግዜ ኣብ ኣጠቓቕማ ፆታዊ ጥቓዓት ከም መሳርሒ ኲናት፣ ዋላ'ኳ ካልኦት ዓይነታት ፆታዊ ጥቓዓት እውን ከም ሜላ ውግእ ኣብ ጥቕሚ ከምዝወዓሉ ኣፀቢቕና እንተፈለጥና፣ ንፆታዊ ዓመፅ ኢና ንጠቅስ። ፆታዊ ጥቓዓትን ፆታዊ ባርነት፣ምንዝርና (ኣካልካ ንወሲብ ብምሻጥ ህይወት ምምራሕ)፣ ዘይተደለየ ጥንሲ፣ ኣገዲድካ ዝግበር ምንፃል ጥንሲ፣ ብግዴታ ምምካን፣ ግዱድ መርዓ፣ ፆታዊ ስቕያት ከምኡ'ውን ዝኾነ ካልእ መጠን ተነፃፃርነት ዘለዎ ፆታዊ ጥቓዓት የጠቓልል።{1} እዞም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ፆታዊ ጥቓዓት ኣብ ልዕሊ ሲቪል ህዝቢ ከም ሰፊሕ ወይ ስርዓታዊ መጥቃዕቲ ክፍፀሙ ከለዉ ከም {2>ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነት<2} ብሕጋዊ መንገዲ ብቑዓት ይኾኑ፣ ከም {3>ገበናት ኲናት<3} ምስ ዕጥቃዊ ውግእ ዝተኣሳሰሩ ክኾኑ ከለዉ ከምኡ'ውን ሃገራዊ፣ ብሄራዊ፣ ዓልየታዊ ወይ ሃይማኖታዊ ጉጅለ ንምጥፋእ ብዝብል ዕላማ ክፍፀሙ ከለዉ ከም {4>ፅንተት<4} እዩ።

ዋላ እቲ ግጭት ምስ ዝውዳእ፣ ሳዕቤን ፆታዊ ጥቓዓት ብደረጃ ውልቀ ሰብን ሕብረተሰብን ይቕፅል። ግዳያት ፆታዊ ጥቓዓት መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ማሕበረሰቦም ይግለሉ፣ እዚ ድማ ንስነ-ኣእምሮኣዊ ጥዕናኦምን ንማሕበራውን ቁጠባውን ኲነታቶምን ይፀልዎ። እዚ ከኣ ንተቓላዕነቶም የጋድዶ፣ ንዝያዳ ዓመፅን ምዝመዛን ድማ የሳጥሖም። ፆታዊ ጥቓዓት ከይተቐፅዐ ምስ ዝኸይድ፣ ህፃናትን ኣናእሽቱ መናእሰይን ቅቡል ምዃኑ ይመሃሩ፣ እዚ ድማ ድሕሪ ምዝዛም ኲናት ፆታዊ ጥቓዓት ከምኡ'ውን ካብ ፆታዊ ጥቓዓት ናብ ንቡር ክቕየር ይኽእል። ባይቶ ፀጥታ ሕቡራት ሃገራት ምስ ግጭት ዝተኣሳሰር ፆታዊ ጥቓዓት ጉዳይ ኣህጉራዊ ሰላምን ፀጥታን ምዃኑ ኣፍልጦ ይህብ።{3}

## ፆታዊ ገለልተኛ ቋንቋ

ጺቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ብዘይመጣጠን ንዝተፈላለዩ ዓይነታት ወሲባውን ፆታዊን ጥቓዓት ክቃልዓን ክጉድኣን እንከለዋ፣ እዚ መምርሒ መፅሓፍ ግን ጺቂ ተባዕትዮን ኣወዳትን እውን ንፆታዊ ጥቓዓት ተቓላዕቲ ምዃኖም ዝምልከት ሓቂ ወሃብቲ ግልጋሎት ከይረኣዩዎ ከይተርፉ የተባብዕ። ኣገልግሎታት ንጺቂ ተባዕትዮን ኣወዳትን ካብ ፆታዊ ጥቓዓት ብህይወት ዝተረፈ ተበፃሒን ዝጥቀሙን ምዃኖም ንምርግጋፅ፣ ምስ'ዞም ኣገልግሎታት ንዓርሶም/ነብሶም ከም ዝለለዩን ተበፃሕቲ ኮይኖም ከም ዝረኽብዎምን ክነረጋግፅ ይግባእ። ፆታዊ ገለልተኛ ቋንቋ ምጥቃም፣ ከምቲ ኣብዚ መምርሒ ኣብ ዝከኣልን ኣግባብነት ክህልዎ ከሎ ከምዝግበሮ ቀዳማይ ስጉምቲ ናብቲ ኣንፈት እዩ።

---

[2] ካብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ስጉምቲ ኣንፃር ፆታዊ ጥቓዓት ኣብ ግጭት ዝተወስደ ትርጉም፣ "ትንተናዊ ቅርፂ ምስ ግጭት ዝተኣሳሰር ፆታዊ ጥቓዓት።"

[3] ውሳነ ዩኤስኮ (UNSC) 2106 "ካብ ፆታዊ ጥቓዓት ብህይወት ዝተረፉ ኣብ እዋኑ ሓገዝ ምሃብ ኣገዳሲ ምዃኑ ብምግንዛብ፣ ትካላትን ለገስቲን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣድልዎ ዘይብሉን ኩለመዳያዊ ኣገልግሎት ጥዕና ክህቡ ይላቦ፣ ንፍሉይ ድሌታት ጉዱኣት ኣካል ኣብ ግምት ብምእታው፣ ፆታዊን ጥዕና ስነ-ተዋልዶ፣ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን፣ ሕጋውን መነባብሮን ደገፍን ካልእ ብዙሕ ፅላታት ዝሓቖፈ ኣገልግሎታትን ካብ ፆታዊ ጥቓዓት ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ይሓውስ።"

# 3.

# እቲ ኩለንተናዊ ኣቀራርባ

**እቲ ኩለንተናዊ ኣቀራርባ ክንክን ብህይወት ዝተረፈ፣ እዞም ድሌታት እዚኣቶም ኣብ ነንሕድሕዶም ዝተመርኮሱ ምዃኖም ብምግንዛብ፣ ኣብ ድሌታት ናይቶም ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ብምሉኡ ዘተኮረ እዩ። ብፍላይ ምስቶም ካብ ፆታዊ ጥቓዓት ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ኣብ ዝግበር ርክብ፣ ኣካል ንኽሓውይ ወይ ሓደ ተሓካሚ ዝተሓላለኸ መጥባሕቲ ክገብር ዝኽእል ኣእምሮኣዊ ጥንካረ ንኽስምዖ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ድሌታት ክማላእ ከም ዘለዎ ንፁር እዩ። ካብዚ ሓሊፉ፣ ብስነ-ልቦና ምሉእ ብምሉእ ንምሕዋይ፣ ብዛዕባ መነባብሮን ገንዘባዊ ድሕነትን ዝምልከት ስክፍታታት ክቐንሱ ኣለዎም። ብተመሳሳሊ ፍትሒ ምድላይ ከምኡ'ውን ነቲ መብዛሕትኡ ግዜ ዘሕምም መስርሕ ፖሊስ ፀብፃብን ኣብ ቤት ፍርዲ ምስክርነትን ምሃብ፣ ንመብዛሕትኦም ግዳያት ብጥንኩር ናይ ደገፍ መርበብ ምሃብ ጥራሕ እዩ ዝከኣል።**

በዚ ምኽንያታት እዚ ናይ ፓንዚ ዋን ስቶፕ ማእኸል መሐብሐቢ ንሕክምናዊ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ሕጋውን ማሕበረ-ቁጠባውን ደገፍ ዝሕግዙ ኣርባዕተ ኣዕንዲ ዘጠቓልል እዩ። በዞም ኣዕንዲ ኣቢሉ፣ ፓንዚ ናይቶም ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ንምሓሸን ምሕዋይን ዘድልዩዎም ኩሎም ነገራት ንምምላእ ከምኡ'ውን ህይወቶም ዳግማይ ክሃንፁን ኣብ ማሕበረሰቦም ዳግማይ ክወሃሃዱን ዘኽእሎም ዕላማ ኣለዎ።

ፓንዚ ኩለንተናዊ ኣቀራርባ ኣብ ምቕባል፣ ተመኩሮኡ፣ ፍልጠቱን ሓበሬታን ተጠቒሙ ንለውጢ ይጣበቕን ፆታዊ ጥቓዓት ንኽፍፀም ዘቐፅሉ ወይ ዘፍቅዱ ስርዓታት ይቃወም።

## ኣዕንዲ

### ሕክምናዊ ክንክን

መብዛሕትኦም ግዳያት ፆታዊ ጥቓዓት ክንክን ዝደልዩ፣ ቅልጡፍ ሕክምናዊ ክንክን ከም ብመጥባሕቲ ዝካየድ ምፅጋን ፌስቱላ ዘድልዮም እዮም። ካልኦት ድማ ብፆታዊ ርክብ ንዝመሓላለፉ ሕማማት (STDs) ወይ ንመጕዳእቲ ሕክምና የድልዮም። ገለ ግዳያት ድሕሪ እቲ ፍፃመ ብቐፀበት ወይ ኣብ ሓፂር ግዜ ናብቲ ሆስፒታል ዝመፁ እኳ እንተኾኑ፣ ብዙሓት ግዳያት ግን ብሰንኪ ምስ ፆታዊ ጥቓዓት ዝተኣሳሰር ሕፍረትን ፀለመን፣ ንነዊሕ እዋን ኣካላዊ ቃንዛታት ሸለል ኢሎም ወይ ሓቢኦምዎ እዮም። ካልኦት ግዳያት ነቶም ዝስምዑዎም ቃንዛታት ከም ቃንዛ ከብዲ ዝኣመሰሉ የቕርቡ፣ እዚ ድማ ምስ ፆታዊ ጥቓዓት ዘየተኣሳስርዎ እዩ። እዞም ምልክታት እዚኦም ካብ ስነ-ልቦናዊ ማህሰይቲ ዝብገስ ኣካላዊ ሕማም መግለፂታት ስነ-ኣእምሮኣዊ ስንባደ ክኾኑ ይኽእሉ።

### ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን

ኣካላዊ ሕውየት ምስ ስነ-ኣእምሮኣዊ ምሕዋይን ደገፍን ኢድ ንኢድ ተተሓሒዙ ዝኸይድ ዝተሓላለኸ መስርሕ እዩ። ኣብ ርእሲ እቲ ብዙሓት ግዳያት ብ ፆታዊ ጥቓዓት ዘጋጥሞም ከቢድን ዝተሓላለኸን አካላዊ መጕዳእቲ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሳዕቤናት ጥቓዓት ዝያዳ ጎዳኢን ነባሪ ፅልዋ ክህልዎን ይኽእል እዩ። ግዳያት መብዛሕትኡ ግዜ ጭንቀት፣ ልዑል ፍርሒ፣ ፀገም ኣመጋግባን ምዝባዕ ድቃስን፣ ሕፍረት፣ ንነብሶም ምውቃስን ናይ በደል ስምዒትን የጋጥሞም። መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ማሕበረሰቦም ማሕበራዊ ምግላል የጋጥሞምን ምስ ዝፈትውዎም ሰባት ሽግር ዝመልኦ ዝምድናታት ኣለዎም። ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን ኣብ መስርሕ ሕውየት ዘይነፃፀል እዩ – ከም ኣካላዊ ሕክምና ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፣ ሓንቲ/ሓደ ግዳይ ሕክምናዊ መጥባሕቲ ክትገብር/ክገብር ትክእል/ዝኽእል፣ ናይስምዒት ተፃዋርነት ምሰዋህለለ (ት) ጥራይ ከኸዉን አለዎ።.

ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን ምትእትታዋት ንኸቢድ ስንባደ ንምፍዋስ ዝዓለመ ስነ-ኣእምሮኣዊ ፍወሳ ከምኡ'ውን ናይ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ደገፍ ንጥፈታት የጠቓልል። እዞም ዳሕረዎት፣ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት መሊሶም ውሕስነት ክስምዖም፣ ንኻልኦት ክኣምኑን ንኣካላቶም ናይ ገዛእ ርእሶም ዋጋን ፍቕርን ስምዒት ንኽረኽቡን ንምሕጋዝ ዝዓለሙ እዮም። ከም ውፅኢቱ ድማ፣ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ምስ መዘናታቶም ዝምድናታት (ዳግማይ) ይሃንፁ፣ ንህይወቶም ዳግማይ ክቆፃፀርዎ ጥንካረ ይወሃቦም፣ ኣብ ማሕበረሰቦም ድማ ናይ ዋንነት ስምዒት ይረኽቡ።

ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን ሓደ ንሓደ ወይ ብጕጅለ ክዉሃብ ይኽእል። ሓደ ንሓደ ዝግበር ደገፍ ንግዳያት ዝምጥን ናይ ምሕዋይ መንገዲ ንምሃብ ይፅዕር። ብኣንፃሩ ብጕጅለ ዝግበር ደገፍ፣ ተሓከምቲ ምስ ካልኦት ተሓከምቲ ተመሳሳሊ ኩነታት ጥቓዓት ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ምግላል ዘጋጠሞም ሰባት በሓባር ዝምፅእ እዩ።

## ናይ ሕገ ሓገዝ

ናይ ሕገ ሓገዝ ኣብ መስርሕ ክንክን ግዳያት ፆታዊ ጥቓዓት ኣብ ግጭት ኣገዳሲ እዩ። ፍትሒ ንዝተፈላለዩ ሰባት ዝተፈላለየ ትርጉም እኳ እንተሃለዎ፣ ንብዙሓት ግዳያት ግን መቕፃዕቲ እቲ ገበነኛ ንምግሃስ ቑንዕናኦምን ክብረቶምን ጥራይ ዘይኮነስ፣ ምግሃስ መስሎም እውን ኣፍልጦ ዝህብ እዩ። ፍርዳዊ ኣገባባት ነቲ መስርሕ ሕውየት ብብዙሕ መንገዲ ክድግፉን ክጠቕሙን ይኽእሉ እዮም። ሕርቃንን ስምዒታት በደልን ንምምራሕ ከምኡ'ውን ካብ ስምዒት ግዳይነት ንምስግጋር ዝሕግዝ ኣገባብ ክኾውን ይኽእል። ኣብ መንጎ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ተመሳሳሊ ፍፃመታት ዓመፅ ንምክልኻል ብዝብል ዕላማ ዝተጠርነፈ ምትሕግጋዝ ክስፍሕ ይኽእል። ብተወሳኺ ፍርዳዊ ኣገባባት ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ካሕሳ ንምርካብ ክኽእሎ ይኽእል።ኣብ መወዳእታ፣ ምፍራድ ናይቶም ገበነኛ መብዛሕትኡ ግዜ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ናይ ድሕነትን ሰላምን ስምዒቶም ዳግማይ ንክረኽቡ ይሕግዞም።

ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ፍትሒ ንክረኽቡ ምድጋፍ እውን ወሳኒ መዳይ {1>ምክልኻልን ሕብረተሰባዊ ሕውየትን<1} እዩ። ንገበነኛታት ተሓተትቲ ዘይምግባር ፆታዊ ጥቓዓት ብዘይ መቕፃዕቲ ክፍፀም ከም ዝኽእል ዘምስል ሓደገኛ መልእኽቲ የመሓላልፍ። ብኣንፃሩ ገበነኛታት ናብ ሕጊ ከም ዝቐርቡ ምርግጋፅ ከም መከላኸሊ ጥራሕ ዘይኮነስ ብደረጃ ሕብረተሰብ ናይ ድሕነትን ፍትሕን ስምዒት ዝህብን ን ፆታዊ ጥቓዓት ንቡር ዝገብር እምነት ንምቕያር ዝሕግዝን እዩ።

ውፅኢት ብዘየገድስ፣ እቲ ኣገዳሲ መዳይ ናይቲ ሕጋዊ ዓንዲ፣ ፍትሒ ክረኽቡ ንዝደልዩ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት {2>ምድጋፍ<2} (ከምኡ'ውን ነቶም {3>ሕጋዊ ስጉምቲ ክወስዱ ዘይደልዩ<3} ንምእማን ምፍታን) እዩ። በዚ መሰረት ፍርዳውን ሕጋውን ኣገልግሎታት ብወለንታ ማለት ምሉእ ብምሉእ ኣብቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ሕጋዊ መስርሕ ንምጅማር ዘለዎ ድሌት ይምርኮስ።

## ማሕበረ-ቁጠባዊ ዳግመ ውህደት

ኣብ ግጭት ዝፍፀም ፆታዊ ጥቓዓት መብዛሕትኡ ግዜ ነቶም ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ኣዕናዊ ማሕበረ-ቁጠባዊ ሳዕቤን ኣለዎ። ንኣብነት፣ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ፀገማት ጥዕና ኣብ መዓልታዊ ዕማማት ንኽይሰርሑ ክዓግቶም ይኽእል፣ እዚ ድማ ኣታዊኦም ክስእኑ ክገብር ይክእል። ካብ ፆታዊ ዓመፅ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ፀለመ ክግበረሎም ከሎ፣ ካብ መፃምድቶም፣ ኣዝማዶምን/ወይ ኣባላት ማሕበረሰብን ማሕበረ-ቁጠባዊ ደገፍ እውን ክስእኑ ይኽእሉ።

ማሕበረ-ቁጠባዊ ደገፍ ኣብ ዳግመ ውህደትን ሕውየትን እቶም ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ኣገዳሲ ኣበርክቶ ኣለዎ። እዚ ዓይነት ደገፍ ካብ ህፁፅ ሓገዝ፣ ሞያዊ ስልጠና፣ ምምዳብ ስራሕ ወይ ምብፃሕ መደባት ማይክሮ ፋይናንስ ዝተፈላለየ መልክዕ ክህልዎ ይኽእል። ብህይወት ዝተረፉ ሰባትን ደቆምን ትምህርቶም ንኽቕፅሉ ምድጋፍ እውን የጠቓልል። ብህይወት ዝተረፉ ሰባት እውን ኣብ ከም ጥዕና ስነ-ተዋልዶ ስነ-ተዋልዶ ፣ ፅገና ገዛውቲ፣ መሰረተ ትምህርቲ ፣ ቁፅሪ፣ ዕዳጋ፣ ሜላታት ድርድርን ኣመራርሓን ዝኣመሰሉ ኣርእስታት ስልጠና ክወሃቦም ይምከር።

## ማእኸላት መሐብሐቢ

ማእኸላት መሐብሐቢ ሓደ ኣተገባብራ ናይቶም ኣርባዕተ ኣዕንዲ ናይቲ ኩለንተናዊ ኣገባብ ዝውክሉ እዮም። እቲ ድሕሪ ማእኸል መሐብሐቢ ዘሎ ሓሳብ ኩሎም እቶም ቀንዲ ባእታታት ኩለንተናዊ ክንክን ኣብ ውሽጢ {1>ሓደ ስርዓት<1} ምሃብ እዩ። እዞም ኣገልግሎታት እዚኦም ወይ ኣብ ትሕቲ ሓደ ናሕሲ ወይ ብሓደ መእተዊ ነጥቢ ኣቢሎም እንተዝርከቡ ይምረፅ። እዞም ኣገልግሎታት እዚኣቶም ነንሕድሕዶም ብቐረባ ቦታ ክሰርሑ ኣገዳሲ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ እቶም ዝተፈላለዩ ናይ ኣገልግሎት ከባቢታት ኣብ ውሽጢ ሓደ ስርዓት ክንክን ንምሃብ ይወሃሃዱ፣ ይተሓባበሩን ኣብ ነንሕድሕዶም ይምርኮሱን።

ዋን ስቶፕ ማእኸል መሐብሐቢ ቀዋሚ ኣምር ኣይኮነን። ኣብ ገለ ተርእዮታት፣ ምውህሃድ ኩሎም ኣገልግሎታት ኣብ ትሕቲ ሓደ ናሕሲ ወይ ኣብ ውሽጢ ሓደ መሳለጥያ ክከኣል ይኽእል። ኣብ ካልኦት ድማ ምስ ካልኦት ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ መደባት ወይ ትካላት ብቐረባ ብምሽራክ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ክቐርብ ይኽእል። ብዝኾነ መንገዲ እዞም ኣገልግሎታት ብሓደ ትካል ይኹን ብቐረባ ዝዛመዱ ትካላት ምስ ሓደ ሆስፒታል ብፅኑዕ ዝተኣሳሰሩ ክኾኑ ይግባእ።

ኣተገባብራ ዋን ስቶፕ ማእኸል መሐብሐቢ ኣብ ወሲባውን ኣብ ፆታዊ ጥቓዓትን ዘሎ ተለዋዋጢ ሃዋህውን ቀዲታትን ኣለልዩ ክላመድ ኣለዎ። ንኣብነት ኣብ ፓንዚ፣ እቲ ኣገልግሎታት ንጠለባት ግዳያት ኣዝዩ ኣረሜናዊ መልክዕ ፆታዊ ጥቓዓት ንምግልጋል ዝተዳለወ እዩ። ንመብዛሕትኦም ብህይወት ዝተረፉ ሰባት፣ እቲ ቀንዲ መእተዊ ነጥቢ ደገፍ ሕክምናዊ ክንክን እዩ። ኣብ ካልኦት ተርእዮታትን ዓውድታትን ግን እቲ ቀንዲ መእተዊ ነጥቢ ኣገልግሎት ዝተፈለየ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንኣብነት፣ ዘቤታዊ ዓመፅ ወይ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ዝያዳ ኣብ ዝረኣየሉ ኩነታት፣ ኣገልግሎታት ሕግን/ወይ ስነ-ኣእምሮን ከም ቀንዲ መእተዊ ነጥቢ(ታት) ከገልግል ይኽእል።

## ፓንዚ ሞዴል፦ ኩሉም ኣገልግሎታት ኣብ መሓውር ጥዕና ዝተዋሃሃዱ

እዚ ሓድሓደ ግዜ ፓንዚ ሞዴል ኢልና እንፅውዖ መምርሒ መፅሓፍ ኣብ ሆስፒታል ፓንዚ ሆስፒታል ንዘሎ ማእኸል መሐብሐቢ ዝገልፅ እዩ። ብዙሓት ትርጉማት ኩለንተናዊ ኣቀራርባን ማእኸል መሐብሐቢ ን እኳ እንተሃለዉ፣{1} ሞዴል ፓንዚ ግን ዕዉት ኣተገባብራ ዝምልከት ዕሙቕ ዝበለ መፅናዕቲ ፍጻመ ይህብ።

ሞዴል ፓንዚ ፍሉይ ዝገብሮ፣ ኣገልግሎት ግዳያት ፆታዊ ጥቕዓት{2>ኣብ መሓውር ጥዕና<2} ብፍላይ ድማ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ስነ-ተዋልዶ ዝተዋሃሃደ ምዃኑ እዩ። እዚ ማለት፣ ኣብ ፓንዚ ካብ ፆታዊ ጥቕዓትብህይወት ዝተረፉ ሰባት ኅናኅኒ ካልኦት ዝተሓላለኸ ናይ ማህፀን መጉዳእቲ ምስ ዘጋጥሞም ተሓከምቲ ይሕከሙ። ካብ ፆታዊ ጥቕዓት ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ኣብቶም ዝፀንሑ መሓውራት ምውህሃድን ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ንክረኽቡ ዝሕግዝ ደረት የጉድልን ምፅላም ከም ዝከላኸልን ይርአ። ብተወሳኺ ምውህሃድ ዋን ስቶፕ ማእኸል መሐብሐቢ ኣብ ቅድሚ ሐዚ ዝነበረ ስርዓት ክንክን ጥዕና ድሕሪ ግጭት {3>ዘላቕነት<3} ናይቲ መደብ ንምርግጋፅ ይሕግዝ።

ኣቃውማ ናይቲ ኣብ ፓንዚ ዘሎ ኩለንተናዊ ኣቀራርባ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ምስሊ ተገሊፁ ኣሎ። ካብቶም ኣርባዕተ ኣዕንዲ ብተወሳኺ ርህራሄ ዝተምልኦ ክንክን ከምኡ'ውን ኣብ መረዳእታ ዝተመስረተ ትልሚ ብፓንዚ ከም መሰረት ናይቲ ምሉእ ስርዓት ይቑፀሩ። ኣብ መወዳእታ፣ ተጣባቑነት ነቶም ኣርባዕተ ኣገልግሎታት ኣብቲ ናይ ዋና ዕላማ ብምውህሃድ ብሓፈሻ ሕብረተሰብ ንምቕያርን ፆታዊ ዓመፅ ከም መሳርሒ ኲናት ምጥቃም ንምቁራፅን ይገብሮ።




## መሰረትን ትሕተ ቕርፂ

### ርህራሄ ዝተምልኦ ክንክን

ማእኸላይን ፍሉይን እቲ ኩለንተናዊ ኣቀራርባ ፓንዚ ሞዴል ኣምር ርህራሄ ዝተምልኦ ክንክን እዩ። ርህራሄ ዝተምልኦ ክንክን ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ዘማእኸለ ኮይኑ ማለት'ውን እቶም ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ብዝለዓለ ኣኽብሮት ከምኡ'ውን ክብሪ ይሕከሙ – እዚ ተመክሮ እዚ ብዙሕ ግዜ ምስቲ ብዙሓት ካብኣቶም ቅድሚ ክንክን ምድላይ ኣብ ማሕበረሰቦም ዘጋጠሞም ተሪርን ዘይፍትሓውን ኣተሓሕዛ ዝፃረር እዩ። ሞዴል ፓንዚ ንግዳያት ብኽፉት ኢድፅ ዝቕበል ኮይኑ ናብ ናይ ገዛእ ርእሶም ማሕበረሰባት ንኽምለሱ፣ ዝሓወዩ፣ ሓያላትን ብነብሶም ዝሕበኑን ጥንካረኦምን ሓይሎምን ንምድልዳል ዝዓለመ እዩ።

ዋላ እኳ ርህራሄ ዝተምልኦ ክንክን ኣብ መዓልታዊ ተግባራት ውልቀ ኣባላት ሰራሕተኛታት ክውሃሃድ ይኽእልን ይግባእን እንተኾነ፣ እዚ ኣምር እዚ ኣብ ሰራሕተኛታት ጥራይ ዝተሓፅረ ኣይኮነን። ብዛዕባ ርህራሄ ዝተመልኦ {1>ስርዓት<1} እውን እዩ። ኣብ ፓንዚ ዝግበር ክንክን ግዳያት ምሉእ ዝርዝር ክንክንን ዘድልዮም ተመላላኢ ኣገልግሎታትን ክረኽቡ ክኽእሉ ኣለዎም ዝብል ቅድመ ኩነት ዝተመስረተ እዩ። ነዞም ኣገልግሎታት ኣብ ሓደ ቦታ ክረኽብዎም {2>መሰል<2} ኣለዎም። እዚ ድማ ዘየድሊ መገሻታት ካብ ምትራፍ ብተወሳኺ ንዳግመ ስንባደን ውርደትን ከብፅሕ ንዝኽእል ምቅላዕ ይንክዮ። ንኣብነት፣ እዚ ስርዓት እዚ ታሪኾም ብተደጋጋሚ ከይነግሩ ይኽልክሎም።

ርህራሄ ዝተምልኦ ክንክን ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ኣብ ኣርባዕተ ኣገደስቲ ባእታታት ዝተመርኮሰ ኮይኑ፦ ፅፈት ዘለዎ ክንክን፣ ምስጢራውነት፣ ክብሪ ከምኡ'ውን ዓርሰ/ርእሰ ውሳነ እዮም።

- **ፅፈት ዘለዎ ክንክን፦** ወሃብቲ ኣገልግሎት ፅቡቕ ፅፈትን ብተመጣጣኒ ዋጋን ክንክን ይህቡ።

- **ምስጢራውነት፦**ክንክንን ምኽርን ኩሉ ግዜ ብውልቀን ብሚስጢርን ይወሃብ። ሰራሕተኛታት ኩሉ ግዜ ቅድሚ ዝኾነ ውልቃዊ ሓበሬታ ምክፋሎም ፍቓድ ናይቲ ተሓካሚ ይሓቱ።

- **ክብሪ፦**ኩሎም ሰራሕተኛታት፣ ፍሉይ ተራኦም ብዘየገድስ፣ ንተሓከምቲ ብኣኽብሮት ይሕዝዎም። ሰራሕተኛታት ብሕያውነትን ምውቅ/ልባዊ ይሰምዕዎም።

- **ዓርሰ/ርእሰ ውሳነ፦** እቲ ተሓካሚ ኣየኖት ኣገልግሎታት ክረክብ ከም ዝደሊ ይውስን። እዚ ኣቀራረባ እዚ ተሓከምቲ ሰባት ናይ ገዛእ ርእሶም ናይ ክንክን ድሌታት ከለልዩን ኣብ ምሉእ መስርሕ ክንክን ኣብ ውሳነታት ንጡፋት ክኾኑን የተባብዕ።

[4] "ኣብ ትሑት ፀጋታት ዘለዎም ቦታታት ንፆታዊ ጥቕዓት ዝወሃቡ ኩለመዳያዊ ምላሽ፦ ካብ ኣተገባብራ ዝረኸብናዮ ትምህርቲ"፦ ገፅ 17. {1>https://bit.ly/2Ddf3zY<1}

## ኣብ መረዳእታ ዝተመስረተ ትልሚን ከምኡ'ውን ምርምርን

ኣብ መረዳእታ ዝተመስረተ ትልሚ ካልኣይ መሰረት ናይ ፓንዚ ሞዴል እዩ። ኣብ ኩሉ ዓውድታት ዝርከቡ መደባት ፅልዋ ንምዕቃን ስርዓታዊ ምእካብ ሓበሬታ ኣብ ፓንዚ ዝወሃብ ፅፈት ክንክን ንምዕባይ ፖሊሲታትን መደባትን ንምምሕያሽ ይጥቀመሉ።

ኣብ 2013፣ ፓንዚ ፋውንዴሽን DRC (ዲ.ኣር.ሲ ምስ) ዩኒቨርሲቲ ሚሺጋንን ወንጌላዊ ዩኒቨርሲቲ ኣብ ኣፍሪካ (UEA)ን ብዝገበሮ ሓባራዊ ተበግሶ {1>ዓለም-ለኸ ማእኸል ላዕለዋይ ምርምር ከምኡ'ውን ስልጠና<1} (ICART) መስሪቱ። እቲ ተበግሶ ንኸልቲኦም ጉዳያት ፆታዊ ጥቕዓት ከምኡ'ውን ክሊኒካዊ/ህዝባዊ ጥዕናን ንምፍታሕ ኣብ ዝግበር መፅናዕቲ ዘተኮረ እዩ። ዓለም-ለኸ ማእኸል ላዕለዋይ ምርምር ምስቲ ኣብ ፓንዚ ዝርከብ ጉጅለ ብምትሕብባር፣ ዓቕሚ ናይ ውሽጢ ዓዲ ተመራመርቲ ብምህናፅ፣ ፕሮጀክትታት ምርምር ስነ-ምግባራዊ ስርዓታት ከም ዝኽተሉ ብምርግጋፅ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ውሽጣውን ኣህጉራውን ተመራመርቲ ምትሕብባር ብምምችቻው፣ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ክንክን ንምምሕያሽ ይሰርሕ።

እቲ ማእኸል ኣብ ፓንዚ ንዝርከቡ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት መበገሲ ከምኡ'ውን ፅልዋ ገምጋማት እውን የካይድ። ብደረጃ ቴክኒክ፣ ፓንዚ እቲ ሓበሬታኦም ዲጂታላይዝ ንምግባር ካብ ምሕጋዝ ብተወሳኺ፣ ዓለም-ለኸ ማእኸል ላዕለዋይ ምርምር ንሰራሕተኛታት ሆስፒታልን ፋውንዴሽንን ፓንዚ ኣብ ዝያዳ ፅኑዕ ኣገባባት ምእካብን ትንተናን ሓበሬታ የሰልጥን። ንኣብነት፣ ዓለም-ለኸ ማእኸል ላዕለዋይ ምርምር ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ትንተና ሓበሬታ ስልጠና ብምክያድ፣ ሰራሕተኛታት ልዑል ተርእዮ ፊስቱላ ዘለወን ቦታታት ንኽለልዩ ኣኽኢልዎም። በዚ ምኽንያት ድማ ሓካይምን ሰራሕተኛታትን ኣብዞም ከባቢታት ዝቐርብ ሕክምና ክውስኹ ወሲኖም።

## ተጣባቕነት

ካብ ፆታዊ ጥቕዓት ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ኩለንተናዊ ክንክን ዝህቡ ሰብ ሞያ ብዛዕባ ስፍሓትን ባህርን ወሲባውን ፆታዊን ጥቕዓት ሰፊሕ ርድኢት ይረኽቡ። ብዛዕባ ቀዲ ፆታዊ ጥቕዓት ብቐዳማይ ኢድ ፍልጠት ይረኽቡን ብመንፅር ዝተሓላለኸ ጠንቅታት ፆታዊ ጥቕዓት ከምኡ'ውን ሰፊሕ ሳዕቤናቱ ምሉእ ስእሊ ክርእዩ ይኽእሉ።

ኣብ ፓንዚ ዋን ስቶፕ ማእኸል መሐብሐቢ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ምስ ሳዕቤናት ዓመፅ በብመዓልቱ ይገጥሙዎ፣ ስለዚ ድማ ስጉምቲ ንምውሳድ ሓያል ናይ ሓላፍነት ስምዒት ይስምዖም። ንፆታዊ ዓመፅ ከም መሳርሒ ኲናት ብስርዓት ምጥቃም ንምክልኻልን ንምውጋድን ይፅዕሩ። ንዓኣቶም፣ ተጣባቕነት መተካእታ ዘይብሉ ኣካል ስርሖም እዩ።

ስራሕ ፓንዚ ተጣባቕነት ኣብ ዙርያ ቁልፊ ተግባራት ብደረጃ ውሽጢ ዓዲ፣ ሃገራውን ኣህጉራውን ዝተወደበ እዩ። እዞም ተግባራት እዚ መቐፃዕቲ ዘይምቕፃዕ ንምውጋድ፣ ስቓታ ንምብቃዕ፣ ድምፂ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ክስማዕ ንምግባር፣ ዓቕሚ ሲቪላዊ ማሕበረሰብ ንምሕያል ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ተሳትፎን ኣመራርሓን ደቂ ኣንስትዮ ብምድንፋዕ ዘይምዕሩይ ዝምድናታት ስልጣን ንምፍራስ ዝዓለመ እዩ።

ፓንዚ ብማሕበራዊ መራኸቢታት፣ መደባት ሬድዮ፣ ንቕሓት ምዕባይ መደባትን ዓውደ መፅናዕትታትን ኣቢሉ ምስ ዝተፈላለዩ ተዋሳእቲ ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ማሕበረሰባት ወሲባውን ፆታውን ጥቕዓት ብዝብል ኣርእስቲ ተጣባቕነት የካይድ እዩ። ፓንዚ በዞም ተጣባቕነት ፃዕርታት ኣቢሉ፣ ነቲ ዝፀንሐ ኣገልግሎት ጥዕና፣ ሃገራውን ኣህጉራውን ኣገባባት ፍርዲ፣ ከምኡ'ውን መሰላት ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን የስፋሕፍሕ። ፓንዚ ካብ ማእኸላት ዓድታት ክሳብ ኣዳራሻት ዩኒቨርሲቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት መደባት የዳሉ። ኣብ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ደረጃታት ምስ ዝተፈላለዩ ተዓዘብቲ ብዛዕባ ፆታዊ ጥቕዓት ምዝታይ፣ ነቲ ምስ ፆታዊ ጥቕዓት ዝተኣሳሰር ፀለመን ነውራምነትን ንምኽልካል ዝግበር ቃልሲ የሰጉሞ።



# 4.
# ኣገዳስቲ ኩነታት ንትግባረ ሞዴል ፓንዚ

**ዕዉት ኣተገባብራ ሞዴል ፓንዚ ዝተወሰኑ ቅድመ ኩነታት ይሓትት። ኣብዚ ብዝርዝር ኣርባዕተ ዝምከሩ ኣሰራርሓታት ኣለዉ፣ ንጡፍ ኣመራርሓ፣ ስልጠና ሰራሕተኛታትን ናይ ሓባር ስራሕን፣ ተበፃሕነት ማሕበረ-ሰብ ከምኡ’ውን ስሉጥ ውሸጣዊ ርክብ።**

## ንጡፍ ኣመራርሓ

ኣብ ውሽጢ ዝኾነ ይኹን ኣተገባብራ እቲ ኩለንተናዊ ኣቀራረባ ዝግበር ኣመራርሓ ናይ ሓባር ራእይ ከነቓቕሕን ንለውጢ ዝድግፍ ሃዋህው ከተባብዕን ይግባእ። ንጡፍ ኣመራርሓ ሓበሬታን ወፍሪን ዘለዎ እዩ። እዚ ቅዲ ኣመራርሓ እዚ ፆታዊ ጥቓዓት ንምውጋድ ዝግበር ተወፋይነት ኣብ ኩሉ ደረጃታት ናይቲ ትካላዊ መሓውር ከም ዝሰፍሐን ኣብ ኩሎም ኣዕንዲ ዝርከቡ ኣባላት ጋንታ ነቲ ናይ ሓባር ዕላማ ውፉያት ምኾኖምን የረጋግፅ። ብፍላይ ምስ ካብ ዝተፈላለዩ ስነ-ምግባራት ዝመፁ ሰራሕተኛታት ኣብ ዝሰርሓሉ እዋን፣ ንጡፍ ኣመራርሓ ዘተን ምትሕብባርን የዕቢ፣ ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታት ክውሃሃድ ድማ የኽእል።

ኣብ ፓንዚ ዶክተር ሙክዌን ምንጪ ከምዚ ዓይነት ኣመራርሓ እኳ እንተኾነ፣ እዚ ማለት ግን ዕዉት ዝኾነ ይኹን ኩለንተናዊ ኣቀራረባ ክንክን ኣብ ሓደ መራሒ እዩ ዝምርኮስ ማለት ኣይኮነን። ንሓድሕዶም፣ ካልኦት ኣባላት ሰራሕተኛታት፣ ተሓከምቲ ከምኡ’ውን ካብ ደገ ዝርከቡ ማሕበረሰባት ብሓባር ንለውጢ ክፅዕሩ ናይ ላዕለዎት ኣባላት ጋንታ ዕማም እዩ። ውልቀ {1>መራሕቲ<1} ንምእማኑ ዘፀግም ዋጋ ክህልዎም እንከሎ፣ ንኣተገባብራ ሞዴል ፓንዚ ብዋናነት ኣገዳሲ ዝኾነ ግን ንጡፍ {2>ኣመራርሓ<2} እዩ።

# ስልጠና ሰራሕተኛታት ከምኡ’ ውን ናይ ሓባር ስራሕ

ብኩለንተናዊ መንገዲ ምስራሕ ማለት ከም ጋንታ ምስራሕ ማለት እዩ። ኣብ ነንሕድሕዶም ብቐረባ ምንቅስቓስ ካብ ዝተፈላለዩ ስነ-ምግባራት ዝመፁ ሰራሕተኛታት ብወግዓውን ዘይወግዓውን መንገዲ ንኸረዳድኡ የኽእሎም፣ ከምኡ’ውን ምትእስሳር ጋንታታት የዕቢ። እዚ ድማ ናይቶም ሰራሕተኛታት ተኣፋፍን ዝተሓሓላለኽን ጕዳያት ብሓባር ናይ ምሓዝ ዓቕሞም የዕብዮ ።

ፓንዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውዲታት/ሴክተራት ምስ ዝርከቡ ኣተሓባበርቲ ብዛዕባ ቀፃሊ ንጥፈታቶምን ፕሮጀክትታቶምን ዝመያየጡሉ ሰሙናዊ ኣኼባታት የካይድ እዩ። እዞም ኣኼባታት እዚኦም ንዘተን ሃናፂ ግብረ መልስን ዘተባብዕ ውሑስን ክፉትን ቦታ ብምሃብ ኣብ መንጎ ዓውድታት ውሽጣዊ ርክብ ዘዕብዩ እዮም።

ስልጠና ሰራሕተኛታት ኣብ ምሕያል ናይ ሓባር ስራሕን ንሕድሕድ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ዝበለፀ ክንክን ኣብ ምሃብን መሰረታዊ ተራ ኣለዎ። ኣብ ሓደ ማእኸል መሐብሐቢ ፣ ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ሓላፍነትን ዝተሓላለኽን ናይ ገዛእ ርእሶም ሞያ ከምኡ’ውን ናይ መሳርሕቶም ፅቡቕ ሓበሬታ ክህልዎም ኣለዎ። ስለዚ ኣባላት ጋንታ ብሓባር ኣብ ቁልፊ ኣምር እቲ ኩለንተናዊ ኣቀራርባ ብስሩዕ ክስልጥኑ ይግባእ።

{1}ሰራሕተኛታት ንሓደ ፆታዊ ጥቕዓት ኣጋጢምዎ ክኾውን ዝኽእል ሰብ ብኸመይ ከም ዘለልይዎን መሰረታዊ ምኽሪ ከም ዝህቡን ክስልጥኑ ይግባእ። ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ውሽጣዊ ርክብ ኣሰራርሓታት ኣፀቢቖም ክፈልጡ ኣለዎም፣ ንኣብነት፦ ኣተሓሕዛ ጕዳይ፣ ስርዓታት ሪፈራል ከምኡ’ውን ምክፋል ሓበረታ። ብገሌሑ ግን እቲ ስልጠና ነቶም ኣብ እዋን ኲናት ዝፍፀሙ ፆታዊ ጥቕዓታት ኣበርክቶ ዝገብሩ ብዙሓት ረቛሒታትን መሰረታዊ ጠንቅታትን ንኣብነት ከም ፆታዊ ዘይማዕርነት ዝኣመሰሉ ከጠቓልል ኣለዎ። {1}ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ገፅታታት ፆታዊ ጥቕዓት፣ ካብቶም ምስ ናይ ገዛእ ርእሶም ሞያ ብቐጥታ ዝዛመዱ ብተወሳኺ፣ ዘለዎም ንቕሓት ምውሳኽ፣ ነቲ ዕላማ ዘለዎም ተወፋይነት ዘሐይልን ንውልቃዊ ኣፈፃፅማ ብኣወንታ ክፀልዎ ይኽእል እዩ። ንኣብነት፣ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ጥዕና ኣእምሮ ዘብፅሖ ሳዕቤን ዝፈልጥ ጠበቓ፣ ብሰንኪ እቲ ዝተፃወርዎ/ኦ ስንባደ፣ ኣብ ምስክርነት ናይቶም ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ክረአ ዝኽእል ዘይምስምማዕ ዝያዳ ክርድኦ እዩ። ብተመሳሳሊ ንጥፈታት መነባብሮ ሓላፍነት ዝስከም ወሃቢ ኣገልግሎት ንዝተሓላለኸ ስነ-ምንቅስቓስ ዝምድናታት ክርዳእ ኣለዎ። ንኣብነት፣ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ሃንደበት ገንዘብ ከተእቱ ምስ እትጅምር፣ እዚ ድማ ብሰንኪ እቲ በዓል ቤታ ኣብኣ ስድራቤት ቀንዲ ናይ ቁጠባ ኣበርካቲ ስለ ዘይኮነ፣ ዝስምዖ ናይ ሕፍረትን ሕርቃንን ሓደጋ ናይ ቀረባ መፃምድቲ ዓመፅ ክውስኽ ይኽእል። እዚ ኩሉ ግዜ ውፅኢት እኳ እንተዘይኮነ፣ ፓንዚ ግን ነዚ ፍሉይ ኩነታት ብዙሕ ግዜ ኣጋጢምዎ እዩ።

ኣብ መወዳእታ፣ ንቕሓት ብዛዕባ ዝተሓላለኸን ውስብስብነትን ፆታዊ ጥቕዓት ኣብ ግጭት፣ ንውልቀ ኣባላት ሰራሕተኛታት ንሓባራዊ ራእይ መሰረት ይህቦም። ንውልቃዊ ኒሕ የቀፃፅል፣ እዚ ድማ ብግዲኡ ንነፍሲ ወከፍ ኣባል ሰራሕተኛ ናብ ወኪል ለውጢ ንምቕያር ይሕግዝ።

# ተበፃሕነት ማሕበረ-ሰብ

ብዛዕባ እቶም ንግዳያት ፆታዊ ጥቕዓት ዝወሃቡ ሰፋሕቲ ኣገልግሎታት ዝምልከት ሕብረተሰብ ዘለዎ ኣፍልጦ ድሩት ክኸውን ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ ክንክን ንምርካብ ዕንቅፋት ክኸውን ይኽእል። ስለዚ ኣብ ሰፊሕ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ኣብ ዋን ስቶፕ ማእኸል መሐብሐቢ ዝርከቡ ኣገልግሎታት ንቕሓት ምዕባይ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፣ ብዛዕባ ማእኸል መሐብሐቢ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብቲ ንዝተፈላለዩ ጕጅለታት ህዝቢ ዝዓለሙ መደባት ትምህርቲ ማሕበረሰብ ናይቲ ሆስፒታል ከምኡ’ውን ምስ ትምህርቲ ምክልኻል ኤችኣይቪ፣ ውጥን ስድራቤትን መሰላት ደቂ ኣንስተዮን ዝኣመሰሉ ኣርእስታት ክካተት ይኽእል እዩ።

ካልኦት ብዛዕባ ማእኸል መሐብሐቢ ንቕሓት ንምዕባይ ዝሕግዙ ናይ ምብፃሕ ንጥፈታት፦ ምስ መራሕቲ ማሕበረሰብ ዝግበሩ ኣኼባታት፤ መደባት ሬድዮ፤ ምትሕብባር ምስ ዘይመንግስታውያን ትካላትን ካልኦት ትካላትን ከም ምምሕዳራት ከባቢ፤ፖሊስ፣ ከምኡ’ውን ኣብ መንጎ ትካላት ዝካየዱ ጕጅለታት ስራሕ ይርከብዎም። ኣብ ማእኸል መሐብሐቢ ሕክምና ዝረኸቡ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ኣብ ማሕበረሰቦም ንቕሓት ከዕብዩ እውን ይኽእሉ እዮም፣ እዚ ድማ ነቲ ኣብ ፆታዊ ጥቕዓት ዝነበረ ስቕታ ንምብታኽ ይሕግዝ።

ካብዚ ሓሊፉ፣ መርበብ ሓበሬታ ናይ እቲ ሆስፒታል ብዛዕባ እቲ ንግዳያት ፆታዊ ጥቕዓት ዝወሃብ ናይ ደገፍ ኣገልግሎት ዝርዝር ርክብን ዝያዳ ሓበሬታን ይህብ። ብዛዕባ ዋን ስቶፕ ማእኸል መሐብሐቢ ሓበሬታ ኣብ እትዝርግሓሉ እዋን፣ እዞም ዝስዕቡ ኣገደስቲ መልእኽትታት ክተሓላለፉ ኣለዎም፦

- እቲ ማእኸል መሐብሐቢ ካብ ሕክምናዊ ክንክን ንላዕሊ ዝህብ እዩ። ብተወሳኺ ግዳያት ብስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ደገፍ፣ ናይ ሕጊ ሓገዝን መነባብሮ ንጥፈታትን ይፍውስ።
- ኩሎም ኣገልግሎታት ነፃን ምስጢራዊን እዮም።
- ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ጥራይ ዘይኮነስ ንደቂ ተባዕትዮን ኣወዳትን እውን ኩሉ ሰብ ንወሲባውን ፆታውን ጥቕዓት ክቃላዕ ይኽእል።
- ብፍላይ ድሕሪ ፍፃመ ፆታዊ ዓመፅ ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ክንክን ምርካብ ኣገዳሲ ኮይኑ ዕድል ዘይተደልየ ጥንሲን ከምኡ’ውን ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ንምንካይ ኣገዳሲ እዩ።

4. ኣገደስቲ ኩነታት

## ውሽጣዊ ኣሰራርሓታት

ኩሎም ኣካላት ናይ ሓደ ኩለንተናዊ ኣቀራረባ ኣብ ሓደ ስርዓት ብኣድማዒ መንገዲ ንምውህሃድ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታትን ዓውድታትን ምውህሃድ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ ንኣተሓሕዛ ጉዳይ ዝኸውን መስርሕ፣ ምክፍፋል ሓበሬታን ስርዓታት ሪፈራልን የጠቓልል።

## ኣተሓሕዛ ጉዳይ

ኣብ ፓንዚ፣ ነፍሲ ወከፍ ብህይወት ዝተረፈ ውልቀ ሰብ ብመስርሕ ሕውየት ብኣካያዲ ጉዳይ ይምራሕ። ኣካየድቲ ጉዳያት ኣብ ፓንዚ {1>ክብርቲ ኣደይ<1} ዝበሃሉ ኩሎም ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ሓገዝቲ እዮም። ኣተሓሕዛ ጉዳይ ኣገባባት፦ ድሌታት ነፍሲ-ወከፍ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ምግምጋም፣ ሓበሬታ ምእካብ፣ ምስቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ኩለንተናዊ ክንክን ውጥን ምግባር፣ ነቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ኣብ ውሽጢ ፓንዚ (ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ድማ ካብ ፓንዚ ወፃኢ) ናብ ግቡእ ኣገልግሎታት ምምራሕ ከምኡ'ውን ኣብ ምሉእ መስርሕ ሕውየት ንዝፍጠሩ ጉዳያት ምክትታል የጠቓልል። እቲ ኣካያዲ ጉዳይ ንወሃብቲ ኣገልግሎት ምስ ነንሕድሕዶም እውን የራኽቦም፣ ንስሩዕ ኣኼባታት ምሕደራ ጉዳይ ይእክቦም ከምኡ'ውን ተሓከምቲ ዘድልዮም ሓገዝ ከም ዝረኽቡ የረጋግፅ።

ናይ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ውልቃዊ ፋይል ጉዳይ ዘለዎ ማእኸላይ ኣተሓሕዛ ጉዳይ ዳታቤዝ ምጥያሽ የድሊ። እቲ ዳታ ቤዝ ብወሃብቲ ኣገልግሎት ብቐፃሊ ክመሓየሽ ኣለዎ። ናይ ነፍሲ-ወከፍ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ዝኸውን ሓደ ፋይል ጉዳይ ዘለዎ ብልጫ፣ መሰረታዊ ሓበሬታ ምድግጋም ዝከላኸል፣ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ተመሳሳሊ ሓበሬታ ከይደጋግሙን ነቲ ዘጋጠሞም ስንባደ ብዘይ ኣድላይነት ዳግማይ ከይነብሩን ይከላኸል። ናይ ነፍሲ-ወከፍ ተሓካሚ ዝኸውን ሓደ ፋይል እውን ነቲ ኣካያዲ ጉዳይ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይ ኩሎም ተሓከምቲ ዝረኽቡዎን ክረኽቡዎ መደብ ተታሒዙሎም ዘለዉን ኣገልግሎታት ይህቦ። እዚ ድማ ምስቲ ተሓካሚ ብምትሕብባር ነቲ ውጥን ክንክን ምምዕባልን ምግምጋምን የሳልጥ።

ኣብ መወዳእታ፣ ፋይል ጉዳይ ምስ ተዓፀወ፣ ኣብ ማህደር ናይቲ ሆስፒታል ይኽዘን ክፍሊ ስታቲስቲክስ ድማ ይጥቀመሉ። እቲ ብጥብቂ ስሙ ዘይተገልፀ ምእካብ ሓበሬታ፣ ሰራሕተኛታት ምስ ግዜ ቅዲ ፆታዊ ጥቕዓት ንምትንታን የኽእሎም።

## ምክፋል ሓበሬታን ምስጢራውነትን

ካልእ ኣገዳሲ ነገር ድማ ምስጢራውነት ንምርግጋፅ ዝኽእል ዲዛይን ናይ መረዳእታ ምክፋል ፕሮቶኮል እዩ። ገለ ሓበሬታ ብዛዕባ እታ/ቲ ብህይወት ዝተረፈ/ት ሰብ ከምኡ'ውን መሕወይኡ/ኣ/ን ንኹሎም ወሃብቲ ኣገልግሎት ክረኽብዎ ዝኽእሉ እኳ እንተኾኑ ካልእ ሓበሬታ ግን ዝምልከቶም ሰራሕተኛታት ጥራይ ክረኽብዎ ኣለዎም። ዝርዝር ናይቲ ጉዳይ ብ {1>መሰረት ምፍላጥ ኣድላይነት <1} ነቶም ኣብቲ ጉዳይ ብቐጥታ ዝሳተፉ ወሃብቲ ኣገልግሎት ክካፈል ኣለዎ። ከምኡ'ውን ኣብ ግንዛበ ዝተመስረተ ፍቓድን ብግልፂ ፍቓድ ናይቲ ተሓካሚን ክካፈል ኣለዎ። ኩሉ ሰብ ነዞም ኣገባባት ክፈልጦም ስሩዕ ስልጠና የድሊ።

## ስርዓት ሪፈራል

ንውፅኢታዊ ኣተሓሕዛ ጉዳይ ስሉጥ ውሽጣዊ ሪፈራል መንገዲ ዲዛይንን ምትግባርን የድሊ። እቲ ናይ ሪፈራል መንገዲ፣ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ኣብ ውሽጢ ማእኸል መሐብሐቢ ንዝቐርቡ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ንክረኽቡ ንምቕላል ዝዓለመ እዩ። እቲ መስርሕ ተማሓያሻይ ክኸውን ኣገዳሲ እዩ፣ ከምኡ'ውን ምስቲ ዝቕልቀል ዘሎ ድሌታት ተሓከምቲ ምላሽ ክመዓራረ ይኽእል። ኩለንተናዊ ክንክን ዝኾነ ፍሉይ መንገዲ ኣይእዝዝን፣ ስርዓት ሪፈራል እውን ከምኡ። ክልቲኦም ንነፍሲ ወከፍ ብህይወት ዝተረፈ ብባህጊ ዝተሰርሐ መንገዲ ንምፍጣር ይፅዕሩ።





# 5.
# ፓንዚ ሞዴል፦ መምርሒ ደረጃ ብደረጃ

ኣብ ፓንዚ፣ ተሓከምቲ ሰባት ብመስርሕ ክንክን ብ {1>ክብርቲ ኣደይ<1} ይምርሑ፣ ንሱ ድማ ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ ንጉዳይ ናይቲ ተሓካሚ የመሓድር። {2>ክብርቲ ኣደይ<2} ብሞያ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ሓገዝቲ ተባሂሎም ይፍለጡ። ቀንዲ ስርሖም ንተሓከምቲ ሰባት ኣብ ሕድሕድ ደረጃ መስርሕ ኩለንተናዊ ክንክን ምምራሕ እዩ። እዞም ዝስዕቡ ክፍልታት – ምውሳድ፣ ንድፊ ውጥን ክንክን፣ ምፍፃም ውጥን ክንክን (ሕክምናዊ ክንክን፣ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ክንክን፣ ናይ ሕጊ ሓገዝ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ዳግመ-ውህደት ሓዊሱ)፣ ከምኡ'ውን ምዕፃው ጉዳይ – ነዚ መስርሕ ብዝርዝር ይገልፁ። ኣብዚ መምርሒ፣ ነፍሲ ወከፍ ስጉምቲ ናይቲ መስርሕ ክንክን ኣብ ትረኻ ናይቶም ኣገባባት ብዝርዝር ከምኡ'ውን ዝያዳ ናይ ዝርዝር ስጉምትታት ተገሊፁ ኣሎ። እዞም ትረኻታትን ተግባራትን ኣብ ፓንዚ ማእኸል መሐብሐቢ ልሙድ ጉዕዞ ፈውሲ ዘንፀባርቑ ኮይኖም፣ ነፍሲ ወከፍ ጉዕዞ ግን ናይ ግድን ሓደ ዓይነት መንገዲ ዝኽተል ኣይኮነን።

> "ክዛተየሉ ዝግበኣኒ ከቢድ ጉዳይ እንተ ሃልዩኒ፣ ኣብ ዝመፀኹሉ እዋን ናብ ዝተመደበትለይ ክብርቲ ኣደይ እኸይድ። ኣብ ኩሉ ቦታ ትዕጅበኒን ፅቡቕ ምኽሪ ትህበንን እያ።"
>
> (ተሓካሚ ኣብ ፓንዚ)

## I. እንቋኳ ዕ ብደሓን መፃእኩም፣ ምዝገባ ከምኡ’ ውን ኣብ ግንዛበ ዝተመስረተ ፍቓድ

ብዙሓት ተሓከምቲ ሰባት ሕክምናዊ ክንክን ክደልዩ ናብ ፓንዚ ማእኸል መሐብሐቢ ክኣትዉ እንከለዉ ብኻልኦት ትካላት ጥዕና ወይ ብመንገዲ ናይ እቲ ከባቢ ትካላት ደቂ ኣንስትዮ እውን ሪፈር ክበሃላ ይኽእላ። በዚ ምኽንያት እዚ፣ ነፍሲ ወከፍ ዓንዲ ናይቲ ማእኸል መሐብሐቢ መእተዊ ክኸውን ዝኽእል ኮይኑ፣ ተሓከምቲ ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ሕገ ሓገዝ፣ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ክንክን ወይ ማሕበራውን ቁጠባውን ሓገዝ ምስ ሓተታ/ቱ ናብቲ ማእኸል መንገዶም ይረኽቡ።

ተሓከምቲ ኣብ ማእኸል መሐብሐቢ ብኸመይ ይበፅሑ/ሓ ብዘየገድስ፣ ሓንሳብ ምስ ኣተዉ/ዋ እቲ መስርሕ ሓደ እዩ። ተቖባሊ ኣጋይሽ ምሉእ ዝርዝር ኣገልግሎታት ት/ይገልፅ፣ እቲ ተሓካሚ/ት ድማ {1>ዝኾነ<1} ካብዞም ኣገልግሎታት ክጥቀም እንተደልዩ ምስ {2>ክብርቲ ኣደይ<2} ይፅምበር፣ ንሱ ድማ ናብ ናይ ብሕቲ ቦታ ንመጀመርታ መርመራ ይወስዶም።

ኣብዚ ናይ መጀመርታ ምርመራ፣ {3>ክብርቲ ኣደይ<3} መጀመርታ ዝኾነ ህፁፅ ድሌታት ናይቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ የለልይ - ሕክምናዊ ይኹን ስነ-ኣእምሮኣዊ ወይ ካልእ። እዞም ድሌታት ምስ ተገምገሙ፣ እቲ ተሓካሚ/ት ውልቃዊ ሓበሬታ ኣብ መንጎ ኣባላት ሰራሕተኛታት ፓንዚ ንኽካፈል ዘኽእል ናይ {4>ፍቓድ ቀጥዒ<4} ይ/ትፍርም። መንነቱን ብሕታውነቱን ንምሕላው ሕድሕድ ተሓካሚ ኣብ ውሽጢ ስርዓት ምሕደራ ሓበሬታ ኣብ ክንዲ ስማ/ስሙ ዝጥቀመሉ ፍሉይ ኮድ ይምደበሉ።

### ዝምከሩ ስጉምትታት

**ንተቖባሊ ኣጋይሽ፦**

- ካብ ፆታዊ ጥቕዓት ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ኣለልዮም።
- ምስ ክብርቲ ኣደይ ኣላልዮም።

**ን ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ሓጋዚ፦**

- ነቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ናብ ናይ ብሕቲ ቦታ ውሰዶ።
- ህፁፅ ድሌታት (ሕክምናዊ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ወዘተ) ምልላይ።
- ምስጢራውነት ግለፅ ከምኡ’ውን ኣብ ግንዛበ ዝተመስረተ ፍቓድ (+ ቀጥዒ ፍቓድ ፈርም) ዝምልከት ተዘራረብ።
- ምሕደራ ጉዳይን መስርሕ ምስ ኣብ ግንዛበ ዝተመስረተ ፍቓድን ፖሊሲታት ብሕታዊነትን ዝቃዶ ምክፋል ሓበሬታን ጀምር።
- ኣብ ፓንዚ ማእኸል መሐብሐቢ ኣብ ስራሕ ዘሎ ካልእ ኣገዳሲ ፕሮቶኮላት ምትእትታው።
- ነቲ ናይ ምቕባል ቀጥዒ ምልኣዮ።

> “ክብርቲ ኣደይ ምኧን ማለት ምስቶም ሓቢርናዮም እንሰርሕ ተሓከምቲ ሰባት ድልዱል ምትእስሳር ንምምዕባል ዓብዪ ልብን ዓብዪ ርህራሄን ምህላው ማለት እዩ። ኣብ ሆስፒታል ፓንዚ እቲ ኣገዳሲ ክፉል ምቕባል ሓደሽቲ ተሓከምቲ ሰባት ዋጋ ዘለዎም/ውን ኣገደስትን ምኧኖም/ነን ምርኣይ እዩ። ኣብ ካልእ ቦታ ተገሊሎም፣ ሓድሓደ ግዜ ድማ ዋጋ ዘይብሎም ኮይኖም እንተተሰምዖም፣ ኣብ ፓንዚ ቦታ ኣለዎም።”
>
> (ክብርቲ ኣደይ ‘ኤልሳ’ ኣብ ፓንዚ)

## II. ምውሳድ/ምእታዉ

ሓደ {1>ክብርቲ ኣደይ<1} ምስ ሓደ ተሓካሚ/ት ምስ ተፃመደት፣ ፋይል ጉዳይ ይኸፈት እሞ ነቲ ኩነታት ብዝበለፀ ንምርዳእ ዝያዳ ዓሚቕ ዕላል ይካየድ። ዘይነፃፀል ኣካል ናይዚ ዘተ ናይ ሓደ ተሓካሚ/ት ዛንታ ምስናድ እዩ። እቲ {2>ክብርቲ ኣደይ<2} ነቲብህይወት ዝተረፈ ሰብ ብዛዕባ’ቲ ተጻንፎ ዝሃቦ መግለፂ ይስንድ ጥራይ ዘይኮነስ፣ እቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ከም ቀንዲ ስክፍታታቱ ዝርእዮ ነገራት’ውን ብፍሉይ የለልይ። ኣብዚ ዘተ እዚ እቲ {3>ክብርቲ ኣደይ<3} ነቲ ተሓካሚ/ት ይሰምዖን/ዓን የፀናንዖን/ዓን የረጋግዖን/ዓን። ንሳቶም ኣብ ዛንታ ግዳይ ምእማን ብምርግጋፅ ኣድላዪ ዝኾነ ግዜ ወሲዶም ስምዒታዊ ደገፍ ይህቡ።

ኣብዚ ዕላል እዚ፣ እታ {4>ክብርቲ ኣደይ<4} ኣብ መስርሕ ክንክን ዘለዋ ተራ እውን ትገልፅ፣ ምስጢራውነት፣ ምእካብ መረዳእታት፣ ከምኡ’ውን መሰላት ተሓካሚ/ት ኣብ ምግላፅ ትጥንቀቕ።{5} ክብርቲ ኣደይ{5} ነተን/ቶም ተሓከምቲ ሰባት ኣብ መስርሕ ክንክን ጥራይ ከም ዘይተኻተቱ፣ እቲ ተሓካሚ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝቆፃፀሮ ይገልፁ። ኣየኖት ሕክምናታት ክኽተል ከም ዘለዎ ከምኡ’ውን ክንክን ክቕፅል ድዩ ኣይቅፅልን ዝውስን እቲ ተሓካሚ እዩ። ፓንዚ ሞዴል ካብ ተሓካሚ ፍቓድ ሓሊፉ ነቲ ተሓካሚ ኣብ ልዕሊ እቲ መስርሕ {6>ቁፅፅር<6} ይህቦ። ከምኡ ብምግባር፣ ተሓከመቲ ሰባት ካብ መጀመርታ መፃኢኦም ናይ ምውሳን ዓቕሚ ስለ ዝወሃቦም ካብ ግዳያት ናብ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ምልዋጥ ይጅምሩ።

## ዝምከሩ ስጉምትታት

### ን ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ሓጋዚ፦

**1) ን ተሓካሚ ብሓጎስ ምቕባል፦**

- ነቲ ተሓካሚ ስምዓዩ፣ ኣፀናንዓዩ/ያ፣ ኣረጋግፀሉ/ላን [ዝነግረካ ኩሉ ትቕበሎ ምህላውካ ምልክት ኣርእዩ] ነቲ ጥርጣረታት ኣወግድ
- ኣብቲ መስርሕ ተራ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ሓጋዚ ተዘራረቡ

**2) ስምዒታዊ ደገፍ ሃብ፦ :**

- እቲ ሰብ ዘጋጠሞ ጥቕዓት ናቱ ጌጋ ከምዘይነበረ፣ እቲ ሰብ ጥንኩር ምዃኑን ከሓዊ ከምዝኽእልን ኣብ ዝብል ኣደልድል
- ነቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ደገፍን እምነትን ኣጐልህ

**3) ኩነታትን ፀገማትን ናይቲ ተሓካሚ ተረዳእ፦**

- ትዕግስቲ ይሃልካ፣ እሙን ኩኑ፣ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓይሎም ንኸለልዩ ሓግዞም
- ምስጢራውነት ግለፅ
- ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ መግለፂ ናይቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ሰንድ
- ነቲ ናይ ፍፃመ ቀጥዒ ምልኣዩ – ዝርዝር መግለፂ ናይቲ ፍፃመ፣ ውልቃዊ ሓበሬታ ወይ እቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብን ገበነኛን ሓዊስካ ከምኡ'ውን እቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ክኸተሎ ዝደሊ ኣገልግሎታት (ቀጥዒ ቁፅሪ2 – SVS)

> ኣብ ፓንዚ ምስቶም ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ብምስራሕ፣ ሓቀኛ ፈውሲ ካብ ምትእምማን ከም ዝመፅእ ተማሂረ። እዚ ድማ ካብቲ ምቕባል እዩ ዝጅምር። እቶም ቃለ-መጠይቓት ኣብ ህዱእን ካብ ምዝንባዕ ነፃ ዝኾነን፣ ተሓከምቲ ዛንታታቶም ንምክፋል ውሕስነት ኣብ ዝስምዖም ቦታ እዮም ዝካየዱ። ብትሑት ድምፂ ንዛረቦም እሞ ግብረ መልሶም ኣዝዩ ንቡር ምዃኑ ከነረጋግፆም ንፍትን። ንዓይ እቲ ምውሳድ ኣገባብ ኣይኮነን። እቶም ተሓከምቲ ብሓቂ ደሰምዖም ከም ዝነበርኩ ከም ዝሓዝነሎምን ንኽግንዘቡን ንዛንታታቶም ሰሚዐ ዳግማይ ዝደግመሉ ሓቀኛ ዕላል እዩ። ቃንዛኦም ይስምዓኒ።
>
> (ክብርቲ ኣደይ ኣብ ፓንዚ)

## III. መደብ ክንክን ምድላዉ

ኣብዚ እዋን እዚ {1>ክብርቲ ኣደይ<1} ብዛዕባ እቶም ዘለዉ ኣገልግሎታት ዝርዝር ሓበሬታ ይህብን ውህደት ናይዞም ኣገልግሎታት ነቲ ተሓካሚ/ት ብኸመይ ከሕግዞ ከም ዝኽእል ይገልፅን። እዚ መስርሕ እዚ ኣረዳኢ እምበር ኣስገዳዲ ኣይኮነን። እቲ ዕላማ ነቲ ተሓካሚ/ት ውጥን ክንክና/ክንክኑ ኣመልኪቱ ንዝገብሮም ምርጫታት ብዝበለፀ ምሕባር እዩ። {2>ክብርቲ ኣደይ<2} ዝርዝር መግለፂ ናይቶም ኣርባዕተ ኣዕንዲ ከምኡ እውን ኣብ መንጎ እዞም ኣዕንዲ ዘሎ ስርዓት ሪፈራል መግለፂ ይህቡ።

ሓንሳብ ውጥን ክንክን ብተሓካሚ ከምኡ'ውን ናታ/ናቱ {3>ክብርቲ ኣደይን<3} ምስ ተወሰነ፣ እቲ {4>ክብርቲ ኣደይ<4} ነዚ ፋይል ንዝተረፈ መስርሕ ክንክን የመሓድር። እዚ ድማ እቲ ተሓካሚ/ት ኣብ መስርሕ ክንክን እናተጓዕዘ እንከሎ ብቐፃሊ ምዕራፍ የጠቓልል።

## ዝምከሩ ስጉምትታት

### ን ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ሓጋዚ፦

**1) ን ተሓካሚ ስምዓዩ፦**

- ድሌታት፣ ዓቕምን ትምኒታትን ናይቲ ተሓካሚ ገምግም
- እቶም ዘለዉ ኣገልግሎታት ነቲ መስርሕ ሕውየት ብኸመይ ከም ዝድግፍዎ ግለፅ
- ነፍሲ-ወከፍ ዓንዲ ናይቲ ኩለንተናዊ ሞዴል ዝሓቖፉ ኣገልግሎታት ዝርዝር ሓበሬታ ሃብ። እዚኣቶም ድማ ነዞም ዝስዕቡ ከጠቓልሉ ይኽእሉ፦
  - ፍሉይ ሕክምናዊ ክንክን፣ መጥባሕቲ፣ ድሕሪ-ተቓላዓይነት ዝግበር ሕክምና ፒኢፒ ኪት፣ ህፁፅ መከላኸሊ ጥንሲን መርመራ ኤችኣይቪን
  - ስነ-ኣእምሮኣዊ ደገፍ፣ ሞያዊ ፍወሳ ሓዊሱ ከምኡ'ውን ውልቃዊን/ወይ ጕጅለታትን ክፍለ-ግዜታት
  - ናይ ሕጊ ሓገዝ፣ ሕጊ ተንከፍ ምኽርን ውክልናን ሓዊሱ ከምኡ'ውን ምስ ፀብፃብ ፖሊስ ዝግበር ደገፍ
  - ማሕበረ-ቁጠባዊ ንጥፈታት፣ ሞያዊ ስልጠና ሓዊሱ ከምኡ'ውን ናይ ህይወት ክእለት

**2) ምስቲ ተሓካሚ ውጥን ክንክን ምምዕባል፦**

- ነቲ ውጥን ኣብ ድሌታትን ትምኒታትን ናይቲ ተሓካሚ ተመርኵስካ ዲዛይን ግበር
- እቲ ተሓካሚ ቅድሚ ሪፈራል ምግባር ናታ/ናቱ ፍቓድ ምሃባ/ምሃቡ ኣረጋግፅ
- ምክትታል ሪፈራል፣ ምክትታል ምዕባለ ከምኡ'ውን ዕግበት ተሓካሚ
- ናይቲ ተሓካሚ ፋይል ጕዳይ ኣመሓድር
- ንሕድሕድ ዓንዲ ዝተፈላለዩ ክፋላት ዘለዎ ሓደ ንፅል ፋይል ዓቕብ
- ነቲ ፋይል ኣብ ምሉእ መስርሕ ክንክን ብዝምልከቶም ሰነዳት ኣዘምኖ፦ ቀጥዕታት ሪፈራል፣ ቀጥዕታት ምውሳድን ፍፃሜታትን ከምኡ'ውን ውጥን ክንክን

# IV. ትልሚ ክንክን ተሓካሚ ምፍፃም

## ሕክምናዊ ክንክን

ናብ ፓንዚ ዝበፅሓ መብዛሕትአን ካብ ፆታዊ ጥቓዓት ብህይወት ዝተረፋ ተሓከምቲ፣ ብጉድኣትን ካልእ ሕክምናዊ ጉዳያትን ይሳቐያ፣ ስለዚ እቲ ቀዳመዋይ ዝረኽብኦ ኣገልግሎት ብተለምዶ ሕክምናዊ ክንክን እዩ። ኣብ ፓንዚ፣ ዝተዋደደ ጉጅለ ሓኻይም፣ ነርስታት፣ ቴክኒሻናት ላቦራቶሪ፣ ፋርማሲስትታት፣ ከምኡ'ውን ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ሓገዝቲ ንተሓከምቲ ፆታዊ ጥቓዓት ሕክምናን ክንክንን ይህቡ።

ኣወሃህባ ሕክምናዊ ክንክን ብሕክምናዊ ምኽሪ ይጅምር። ከም ኣካል ናይዚ ምምኽኻር፣ እቲ ሓኪም መጀመርያ ብዛዕባ እቲ ፍፃመ ዝርዝር ሓበሬታ ብርህሩህ ዝርርብ ይእክብ። ነዚ ዕላል ስዒቡ፣ እቲ ሓኪም ሕክምናዊ መርመራታት የካይድ፣ ንመጉዳእቲ ሕክምና ይህብ፣ ብፆታዊ ርክብ ንዝመሓላለፉ ሕማማት፣ ድሕሪ-ተቓላዓይነት ዝግበር ሕክምና ከምኡ'ውን/ወይ ድማ ህፁፅ መከላኸሊ ጥንሲ ይህብ። ኣብዚ ምኽሪ እዚ፣ እቲ ሓኪም መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ ፓንዚ 'ቀጥታዊ ሜላታት ክንክን ተሓካሚ' ዝብሎ ይኽተሎ። ኣብ ፓንዚ ዋን ስቶፕ ማእኸል መሐብሐቢ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ሕክምና፣ ኣብ ርእሲ እቲ ኣገዳሲ ሕክምናዊ ምትእትታውን መጥባሕትን ናይ ድሕሪ መጥባሕቲ ክንክን እውን ይገብሩ እዮም፤ ብዛዕባ ንነዊሕ እዋን ክቕፅል ዝኽእል ጥዕናዊ ሳዕቤን፣ ከምኡ እውን ነዞም ሳዕቤናት ብኸመይ ከም ትወፅኦ ይመኽሩን ድሕሪ-ተቓላዓይነት ንዝግበር ሕክምና ጥቡቕ ክትትል ይገብሩን እዮም።

እቲ ኣካላዊ መረዳእታ ፆታዊ ዓመፅ ግዜ እናሓለፈ ምስ ከደ ይንኪ ስለዚ ድማ – ብ ፍቓድ እቲ ተሓካሚ – ብዝተኽኣለ መጠን ቀልጢፉ ክእከብ ይግባእ። እታ ካብ ፆታዊ ጥቓዓት ብህይወት ዝተረፈት ተሓካሚት ሕጋዊ ስጉምቲ ክትወስድ እንተወሲና፣ ብናታ ሕቶ መሰረት እቶም ኣብ ፓንዚ ዘለዉ ሓኻይም [ኣብቲ ዝውሰድ ሕጋዊ ከይዲ ዝሕግዝ] ክሊኒካዊ መረዳእታ ይእክቡ። እዚ ድማ ምርመራ ፎረንሲክ ምግባርን ኩሉ ርኽበታት ብትኽክል ምምዝጋብን ዘጠቓልል እዩ። እዚ ድማ ካብ ኣካላትን/ወይ ክዳውንትን ናይቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ስነ-ህይወታዊ መረዳእታ ምእካብ የጠቓልል፣ እዚ ድማ መንነት ናይቲ ገበነኛ ንምፍላጥ ክሕግዝ ይኽእል።

{1} ኣብ ፓንዚ ዝርከብ ናይ ሕክምና ጉጅለ፣ ነቲ ዝኸበደ ሳዕቤን ፆታዊ ጥቓዓት ዝሕክም መጥባሕቲ ኣብ ምፍፃም ዝነጥፍ ፍሉይ ሞያ ዘለዎ ኮይኑ፣ እቶም ዝበዝሑ ፊስቱላታት እዮም።

ኣብ መወዳእታ፣ ሰብ ሞያ ሕክምና ምስ ተዋሳእቲን ኣኽበርቲ ሕግን ፍትሕን እውን ኣብ ምእካብ መረዳእታ ስነዳ ናይ ፎረንሲክ መረዳእታን ይተሓባበሩ። ኣብ ቤት ፍርዲ ዋጋ ዘለዎ ሰነድ ሕክምናዊ ምስክር ወረቐት ብግቡእ ኣብ ምምላእ ስልጠና ተዋሂብዎም ኣሎ።

### ዝምከሩ ስጉምትታት

**ንሕክምናዊ ዶክተር፦**

- ምስጢራውነት ከምኡ'ውን ኣብ ግንዛበ ዝተመስረተ ፍቓድ ግለፅ
- ንሕክምናዊ መርመራ ፍቓድ ርኸብ
- መርመራ ግበር ከምኡ'ውን ክሊኒካዊ ክንክን ሃብ
  - ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማም ሕክምና ከምኡ'ውን ንኤችኣይቪ ንምክልኻል ትምህርቲ ሃብ
  - ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ ህፁፅ መከላኸሊ ጥንሲ ወይ ድሕሪ-ተቓላዓይነት ዝግበር ሕክምና ኣቕርብ
- ናይ ፎረንሲክ መረዳእታ ምእካብ (ፆታዊ ጥቓዓት ንዝምልከቶ {1>ሕክምናዊ ምስክር ወረቐት<1} ምልኣዮ)
- ነቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ብዛዕባ ክህልዉ ዝኽእሉ ናይ ጥዕና ሳዕቤናት ኣገባባት ሓብረሉ
- ነቲ ተሓካሚ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ኣካላት ናይቲ ውጥን ሕክምናዊ ክንክንን መስርሕን ግለፀሉ
- ውጥን ሕክምናዊ ክንክን ምዝዛም
- ነቶም ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ሓጋዚ ብዛዕባ እቲ ቆፀራታት ኣፍልጦም
- ነቲ ተሓካሚ ናብ ናይ ስነ-ኣእምሮ ክኢላ ሪፈር በሎ

**ን ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ሓጋዚ፦**

- ተሓካሚ ነቲ ውጥን ሕክምናዊ ክንክን ተረዲእዎ እንተኾይኑ ወይ ሕቶታትን/ወይ ስክፍታታትን እንተሃልይዎ ኣረጋግፅ
- ሕክምናዊ ቆፀራታት ኣብ ምክፋል ነቲ ተሓካሚ ኣሰንዮ
- ምዕባለን ዕግበትን ምክትታል
- ምውህሃድ ጉዳይ ይመርሕን ኣኼባታት ኣተሓሕዛ ጉዳይ ይውድብን

* መተሓሳሰቢ፦ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፣ እቲ ተሓካሚ ቅድሚ ናብ ሕክምናዊ ሓኪም ምውሳዱ ምስ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ ክራኸብ እዩ፣ እዚ ግን ኣብ ፍሉይ ድሌታት ሕድሕድ ተሓካሚ ይምርኮስ። ዝያዳ ቀልጡፍ ስጉምቲ ብናይ ስነ-ኣእምሮ ክኢላ ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት እቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ እንተተደናገረ፣ ኣብ ስንባደ ወይ ብስምዒት ንሕክምናዊ ምትእትታው (እቲ መጥባሕቲ) ብቑዕ እንተዘይኮይኑ።





## ልሙድ ቀጥታዊ ሜላታት ክንክን ተሓካሚ

**1. ፍቓድ ሕተቱ ፦**

- ሕክምናዊ መርመራ
- እኩብ ናይ ፎረንሲክ መረዳእታ
- ሕክምና መጉዳእቲታት

ፍቓድ ኣብ ዝኾነ ሰዓት፣ ንዝኾነ ክፋል ናይቲ መርመራ፣ ብዘይ ተወሳኺ ሳዕቤን ንሕክምና ክንፀግ ይኽእል።

2. ብ ክብርቲ ኣደይ **ሓፈሻዊ ሓበሬታ መመለእታ** ከም ቁፀሪ ትእዛዝን (ኣድላዪ እንተኾይኑ)፣ ዕለት፣ ሰዓትን ቦታን መርመራ ዝኣመሰሉ ሓበሬታት ተመሊኡ ዝተቐረበ እዩ።

3. **ታሪኽ ሕክምና ውሰድ** ምስ ሕክምና ማህፀን፣ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ከምኡ'ውን ስንጥቖታት፣ መጉዳእቲ ከምኡ'ውን በሰላ ናይቲ መሃንቱስ-ብልዕቲ ከባቢ ብዝተኣሳሰር።

4. **>ነቲ ብኽብርቲ ኣደይ ዝተወስደ ታሪኽ** ዳግም ምኽላስ)፣ ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ነቲ ታሪኽ ብተወሳኺ ዝርዝር ሓበሬታ ምልኣዮ። ኣገዳስቲ ዝርዝራት ድማ፦ ቦታ መጥቃዕቲ፣ ግዜ፣ እንታይነት ናይ ምፍርራሕን ዝተጠቕመሉ ሓይልን፣ ምስ ኣጥቃዒ ዝራኸበሉ ቦታታት፣ ኣስማት መጥቃዕቲ ዝፈፀሙ ሰባት እንተ ተፈሊጦም ከምኡ'ውን ኣብ ኣካላት እቲ ተሓካሚ ዝተረፈ መጉዳእቲ ክህልዉ ዝኽእሉ ምልክታት እዮም።

5. **ሓፈሻዊ ኩነታት ኣእምሮ ገምግምን** ዝኾነ ምልክታት ምብካልን/ወይ መርፍእ ዕፀፋርስ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ኣስተብህልን።

6. ብዛዕባ ዝተፈተነ ወይ ዝተዛዘመ ምእታው [ፆታዊ ኣካል ዓማፂ] ከምኡ እውን ኣብ ውሽጢ ወይ ኣብ ኣፍደገ [ፆታዊ ኣካል ግዳይ] ምፍሳስ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ዝምልከት **ሓበሬታ ውሰድ።**

7. ናይቲ ጉዳይ ገምጋም ምግባርን **እንታይ ፎረንሲክ መረዳእታ ክእከብ** ከም ዘለዎ ምትንታንን። እንታይነት ናይቲ መረዳእታ ኣብ መንጎ መጥቃዕትን ምርመራን ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ይምርኮስ፦

- ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት፦ ኩሉ መረዳእታ
- ኣብ ውሽጢ 96 ሰዓታት፦ ኩሉ መረዳእታ ብዘይካ ስዋብ ንዘርኢ-ሽግሪ/ ስፐርማቶዞ
- ድሕሪ 96 ሰዓታት፦ መረዳእታ ኣብ ኣካላትን ክዳውንትን

**8. ኣካላዊ መረዳእታ ኣክብ፦**

- ክዳውንቲ ዓቅብ፣ ዝተለኸየ ክፋላት ምስ ዘይተለኸየ ክፋላት ኣይተራኽብ፣ ነፍሲ ወከፍ ቁራፅ ድማ ኣብ ፍሉይ ቦርሳ ዓሽጕ፣ ሓትሞ፣ ምልክት'ውን ግበረሉ
- መጥቃዕቲ ናይ ቀረባ እዋን እንተኾይኑ፣ ኣብ ኣካላት ዝተረፈ መረዳእታ ንምእካብ፣ ንኣብነት ሽፋን ወይ ፀጉሪ ፆታዊ ኣካል (ብልዕቲ) ንምእካብ፣ ክዳኑ እናቐንጠጥካ ነቲ ተሓካሚ ኣብ ዓብዪ ፃዕዳ ወረቐት ኣቐምጦ
- ኣብ ኣካላትና ዘሎ ደምን ካልእ ቀለምን ብስዋብ ኣክብ
- ኣብ ፀጕሪ ፆታዊ ኣካል [እታ ካብ ፆታዊ ጥቕዓት ብህይወት ዝተረፈት ተሓካሚት] ዝኾነ ይኹን ዝተኣከበ ፈሳሲ ዘርኢ ምህላዉ እንተተገሚቱ፣ ነቲ ፀጉሪ ቆሪፅካ ኣክብ

9. ብፍላይ ኣብ ገፅ፣ ክሳድ፣ ኣብራኽ፣ ጡብ፣ ላዕለዋይ ክፋል ቅልፅም፣ መዓንጣን ምዕጉርትን እንተሃልዩ፣ ቁስሊ/ጎርፂ፣ ጭሕጋር፣ ምንካስን ካልእ መጉዳእትን **ነቲ ኣካላት መርምሮ**። ዓይነት መጉዳእቲ (ልሕፃፅ፣ ስምብራት፣ ኣብ ቀርበት ዓሚቖ ምቑራፅ ወዘተ) ግለፅ እሞ ኣብ ሰንጠረዥ ኣካላት ምልክት ግበር።

10. {1}ከም ምፍሳስ ደም፣ ምጉዳእ፣ ሕበጥ፣ ንብዓት፣ ምፍሳስ ደም፣ ምልካይ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይን ኣብ ፆታዊ ኣካል (ብልዕቲ) (ምርመራ ስጋዊ ርክብ) ዝኣመሰሉ መጉዳእቲ መረዳእታ እንተሃልዩ ኣብ መንጎ **መሃንቱስን ሸንቲ ምፍሳስን ዘሎ ከባቢ መርምሮ።**

11. **ን ፆታዊ ጥቓዓት ዝኸውን ናይ ሕክምና ምስክር ወረቐት (ሕዛል ርአ) ምላእ፣** ርእይቶ ብምሃብ ፈርም። ብፍላይ ነዞም ዝስዕቡ ኣቓልቦ ሃብ፦

- መረዳእታ ናይ ፆታዊ ጥቓዓት
- መረዳእታ ናይ ብልዕቲ ፣ ብኣፍ ወይ ብመሃንቱስ ብኣጥቃዒ ፆታዊ ኣካል ዝኣተወ
- መረዳእታ ናይ ብኣፃብዕቲ ወይ ብነገር ኣብ ብልዕቲ ወይ መሃንቱስ ዝኣተወ
- ምልክታት ሓይሊ ምጥቃም፣ ኣብ ፆታዊ ኣካል ይኹን ካልእ ክፋል ሰውነት ካብ ዝበፅሖ መጉዳእቲ
- ፍፃመ ካብ ዘጋጥም ጀሚሩ ዝሓለፈ ግዜ
- ኣጥቃዒ ምልላይ ዝከኣለሉ ዝኾነ ይኹን መንገዲ
- ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ብሰንኪ ብኣእምሮ ዓቕሚ ከም ዘይብሉ ወይ ኣብ ትሕቲ ፅልዋ ንጥረ ነገራት ከም ዘለዎ ዝሕብር ዝኾነ ክሊኒካዊ መረዳእታ
- መጉዳእትታት ዘይምህላው ወይ ድማ ኣሉታዊ ውፅኢት ላቦራቶሪ ፧
  - ግዳይ ብሰንኪ ምጥፋእ ሃለዋት (ውነ ምስሓት) ወይ ድማ ኣብ ትሕቲ ፅልዋ ኣልኮል/ዕፀፋርስ ብምዃና፣ ናይ ሓይሊ ብልጫ ስለ ዝተወሰዳ፣ ስለ ዝሰግአት ነቲ ኣጥቃዒ ተቓውሞ ክተርእዮ ብዘይምኽኣላ ወይ ድማ [ኣጥቃዒ ፆታዊ ጥቓዓት ኣብ ዝፍፅመሉ ሰዓት ኣብ ፆታዊ ኣካል ግዳይ] ቅብኣት ምጥቃሙ
  - ምጥፋእ መረዳእታ ብሰንኪ ሸንቲ፣ ምሕፃብ ክዳን፣ ምሕፃብ ኣካል ወይ ምቕያር ክዳን ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ።
  - ምሕዋይ መጕዳእታት ብንውሓት ግዜ
  - ኮንዶም ወይ መጥባሕቲ መትረብ ዘርኢ ምጥቃም

12. **ዝኾነ ኣካላዊ መጉዳእቲ ምሕካምን፣** ኣድላዪ እንተኾይኑ ፀረ-ቃንዛ ምሃብ።

13. **መርመራ ንጥንሲ** ዝርከብ እንተኾይኑ ድማ፣ ህፁፅ መከላኸሊ ጥንሲ ምሃብ (ኣብ ውሽጢ 5 መዓልታት)።

14. **ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ምክልኻልን/ወይ ምሕካም።**

15. **ንምርመራ ኤችኣይቪ፣ ዝከአል እንተኾይኑ ድማ ንምክልኻል ኤችኣይቪ** (ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት)። ፖዘቲቭ እንተኾይኑ፣ ንምኽርን ሕክምናን ናብ ፕሮግራም ኤችኣይቪ/ኤይድስ ምስዳድ።.

16. **ክታበት ወይቦ-ቢንቴታነስን ምቑራብ።**

17. ብዛዕባ ናይ ምክትታል ቆፀራታት **ንተሓካሚ ምሕባር።**

18. **እንተደልያ ድማ፣ ቅዳሕ ኩሎም ኣድለይቲ ሰነዳት፣** ንተሓካሚ ሃብ።

19. ርእሰ-ሓልዮት ንምዝታይ፣ ድሕነት ንምዕባይን ደገፍ ንምድላውን ናብ **{9>ክብርቲ ኣደይ<9} {8>ተመሊስካ ሪፈር ግበር<8}።**

20. **ናይ ማህደር መረዳእታ** ነቒፁ፣ ተጠርኒፉን ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታታት ተዓሺጉን ክዕቀብ ግበር።

**ምንጭታት፦**

- ክንክን ጥዕና ንጥቓዓት ናይ ቀረባ መፃምድቲ ወይ ንፆታዊ ጥቓዓት ንዝተቓልዓ ደቂ ኣንስትዮ
- ክሊኒካዊ መምርሒ መፅሓፍ፣ ውድብ ጥዕና ዓለም፣ 2014
- መምርሒ ንሕክምናዊ መርመራ ፆታዊ መጥቃዕቲ፣ CEHAT፣ 2010 (ዳግማይ ሕትመት፦ 2012)

## ተንቀሳቐስቲ ክሊኒካት

ጕጅለ ሕክምና ፓንዚ ብመንገዲ ተንቀሳቐስቲ ክሊኒካት ኣቢሉ ንርሑቕ ማሕበረሰባት ክንክን ጥዕና ይህብ። ነፍሲ ወከፍ ተንቀሳቓሲ ክሊኒክ ሓደ ሓኪም፣ ክልተ ነርስታት፣ ሓደ ክኢላ ስነ-ኣእምሮን ክልተ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ሓጋዚ ዝሓቑፈ እዩ። እዚ ጕጅለ ምስ ዝፀንሑ ትካላት ጥዕናን ናይቲ ከባቢ ማሕበረሰባዊ ትካላትን ብምዃን ነቶም ናብ ሆስፒታል ፓንዚ ክመፁ ዘይኽእሉ ሕክምናን ስነ-ኣእምሮኣዊ ደገፍን ይህብ። ይኹን እምበር ካብ ፆታዊ ጥቓዓት ዝደሓኑ ሰባት ዝያዳ ፍሉይ ክንክን (ንኣብነት፦ መጥባሕቲ ፊስቱላ ወይ ምውዳቕ) ክረኽቡ ዘድልዮም እንተኾይኑ፣ ነቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ናብ ሆስፒታል ፓንዚ፣ ኣብ ቡካቩ፣ መጓዓዝያ ይዳለወሉ።

ካብዚ ብተወሳኺ እቲ ተንቀሳቓሲ ጕጅለ ኣብ ማሕበረሰባት ብዛዕባ ምክልኻል ካብ ፆታዊ ጥቓዓት ብህይወት ዝተረፉ ሰባት፣ መሰላት ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ከምኡ’ውን ተባዕታይነት ዝምልከት ንቕሓት ናይ ምዕባይ ወፍሪታት የዳሉ። ብተወሳኺ ንማሕበረሰባት ብዛዕባ እቶም ካብ ፆታዊ ጥቓዓት ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ዝቐርቡ ኣገልግሎታት (ከም ሕጋዊ፣ ስነ-ኣእምሮኣውን ማሕበረ-ቁጠባውን ሓገዝ) ይሕብሩ። እቲ ተንቀሳቓሲ ክሊኒክ ዝተፈላለዩ ዞባታት ዝሽፍን ወርሓዊ መደብ ዝኽተል ኮይኑ፣ እታ ጋንታ ብዝቐርበላ ሕቶ እውን ትርከብ።

> "እኩብ ናይ ፎረንሲክ መረዳእታ ምስ ምድላይ ፍትሒ ኣገዳሲ ምትእስሳር ኣለዎ። ዝተወሰኑ ዘይፍለጡ ገበነኛታት ንምልላይን እኩብ መርትዖታት ክንፈጥርን የኽእለና። ፅቡቐ ፋይል ኩሉ ግዜ ነቲ መስርሕ ፍርዲ ዝያዳ ክደፍኦ እዩ!"
>
> (ኣተሓባባሪ ዓንዲ ሕክምና ኣብ ፓንዚ)

## ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን

ኣብ ፓንዚ ዋን ስቶፕ ማእኸል መሐብሐቢ ክንክን ዝደልዩ ግዳያት መብዛሕትኡ ግዜ ኣዝዩ ኣረሜናዊ ዓይነት ፆታዊ ጥቓዓት ተፃዊሮም እዮም፣ እዚ ድማ ንስነ-ኣእምሮአዊ ጥዕና እቲ ግዳይ ኣዝዩ ክፀልዎ ይኽእል። ከምዚ ዓይነት ስንባደ ንምብዳህ፣ ተሓካምቲ ኣብ ምቕፃል ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን (ፍወሳ ይኹን ንጥፈታት ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ደገፍ) ቅድሚ ምውሳኖም፣ እንተወሓደ ሓደ ግዜ ምስ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ ክራኸቡ እዮም። እዚ መስርሕ እዚ ንሞዴል ፓንዚ ፍሉይ እዩ፣ ከምቲ ኣብ ብዙሓት ካልኦት ስርዓታት ዝግበር ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን ከም ኣማራፂ ጥራይ እዩ ዝቐርብ። መብዛሕትአን ኣብ ፓንዚ ክንክን ዝደልያ ግዳያት ምስ ግልጋሎት ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን ኣዝየን ስለዘይፋለጣ፣ ነዚ ዝምልከት ገለፃ ምግባር ጥራይ እኹል ስለ ዘይኮነ ፓንዚ እንተወሓደ ሓደ ግዜ ምስ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ ክራኸባ መሪፁ። ተሓከምቲ ብዛዕባ እቲ ዘሎ ምሉእ ኣገልግሎት ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን ንምሕባር እዚ ብዝሓሸ ከም ዝሰርሕ ፓንዚ ኣረጋጊፁ።

ነዚ ናይ መጀመርታ ክፍለ ግዜ ምስቲ ናይ ስነ-ኣእምሮ ክኢላ ስዒቡ፣ ተሓከምቲ ነቲ ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን ከቋርፅዎ ምርጫ ኣለዎም። ክቕፅሉ እንተ ወሲኖም ግን እቲ ተሓካሚ፣ ሓኪም፣ ከምኡ'ውን ስነ-ኣእምሮኣዊ ክኢላን ብሓባር ነቲ ተሓካሚ ዝበለፀ መንገዲ ሕውየት ዝህብ መደብ የዳልዉ። ኣብ ውሽጢ ዓንዲ ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን ናይ ፓንዚ ሞዴል፣ ኣብ መንጎ ዓሚቝ ስንባደ ንምፍታሕ ዝግበር ስነ-ኣእምሮኣዊ ፍወሳን፣ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ደገፍ ንጥፈታትን ፍልልይ ይግበር።

እቲ ተሓካሚ ሓደ ንሓደ ስነ-ኣእምሮኣዊ ፍወሳ ክገብር እንተመሪፁ፣ ሽዑ እንተወሓደ ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ ናይ ፍወሳ ክፍለ ግዜ ክግበር መደብ ተታሒዙ ኣሎ። እቲ ልክዕ ቁፅሪ ከከምቲ ዝምረፅ ዓይነት ፍወሳ ይፈላለ እዩ። ኣማራፂታት ስነ-ኣእምሮኣዊ ፍወሳ ሓፂር ፍታሕ-ተኮር ፍወሳ ክፍለ ግዜታት ከምኡ'ውን ምስ ኣታሓሳስባን ባህሪን ተኣሳሲሮም ዝወሃቡ ሕክምናታት የጠቓልል።

ኣብ ናይ ጉጅለ ፍወሳ ክፍለ ግዜታት፣ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ምስ ካልኦት ተመሳሳሊ ኩነታት ጥቓዓት፣ ማሕበራዊ ምግላል ዘጋጠሞም ሰባት ከምኡ'ውን ብዛዕባ እቲ ዘጋጠሞም ዓብይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ስቓይ ዘስዓበ ኩነታትን ሓሳብ ይለዋወጡ። ሓደ ኣብነት ናይቲ ኣብ ፓንዚ ዝቐርብ ናይ ጉጅለ ፍወሳ መደብ ካምባ ሞጃ ኮይኑ፣ ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ ሳፁን ብዝርዝር ተገሊፁ ኣሎ።

ንቡር ኮይኑ ውልቃዊ መደባት ኣብ ሆስፒታል ክካየድ እንከሎ፣ ከም ሙዚቃ ወይ ስነ-ጥበባዊ ፍወሳ ዝኣመሰሉ ናይ ነዊሕ ግዜ ፍወሳታት (ካብ ሰለስተ ክሳብ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ዝፀንሑ) ኣብ መሰጋገሪ ክንክን ፓንዚ፣ {1>ሜይሰን ዶርካስ<1} ይካየድ።

ኩሎም ፍወሳታት ናይ ፓንዚ መደበኛ ስነ-ኣእምሮኣዊ ፕሮቶኮላት ዝኽተሉን ኣብ ክንክን ግዳያት ወሲባውን ፆታውን ጥቓዓት ዝምልከት ኣህጉራዊ ስርዓታት ዘኽብሩን እዮም።

ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ናይ ደገፍ ንጥፈታት ካራተ፣ ሳዕስዒት፣ ደርፊ፣ ሞያዊ ፍወሳ፣ (ንኣብነት ስፌት፣ ጥልፍን መሶብን ምስራሕ) ከምኡ'ውን መዘናግዒ ምውፃእ የጠቓልል።

**ንጥፈታት ሙዚቃ**ብህይወት ዝተረፈ ሰባት ባዕሎም ሙዚቃ ምፍጣር ዘጠቓልል ኮይኑ፣ እዚ ድማ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሕውየቶምን ምጥንካሮምን ይድግፍ። ኣብ ፓንዚ፣ በቲ ትካል **'ፈውሲ ኣብ ስኒት'** ዝትግበር ንጥፈታት ሙዚቃ፣ እቶም ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ምስ ኣፍረይቲ ሙዚቃ ኮይኖም ናይ ገዛእ ርእሶም ደርፍታት ይፅሕፉን ይቐርፁን። ብዙሓት ካብዞም ደርፍታት ኣብ ኮንሰርትን (ሙፂቃዊ ምርኢት) ኣብ ሬድዮን ተቐሪፆም እዮም — እቲ ተጣባቓነት ከምኡ'ውን ሕብረተሰባዊ ለውጥን እውን ኣበርክቶ ዝገብር እዩ።

**ኣብ ፓንዚ ብስንባደ ዝተሓበሩ መደባት ፍወሳ**ንዘይቃላዊ መግለፂ ከም ኣፍደገ ናብቲ ዝተሓላለኸ መስርሕ ምስራሕ ብስንባደ የጉልሁ።
ኣብቲ ኣብ ፓንዚ (ብስዋሂሊ 'ናይ ሓባር ኣብ ሓያሎ ዝተፈላለዩ መዳያት ብቐፃሊ ዝረአ ሓሳብ') **ዝካየድ መደብ ካምባ ሞጃ** ፣ ደቂ ኣንስትዮ ርእሰ-ምሕደራ፣ ምርግጋእን ምሕደራ ፅዑቐ ስምዒታዊ ኩነታትን ይመሃራ። ትምህርቲ ስነ-ልቦና ይወሃበንን ምስ ሳዕቤናት ስንባደ ንምስራሕ ኣብ ኣካል መሰረት ኣብ ዝገበረ ፍወሳ ይዋፈራን። ብዛዕባ ስንባደን ብህይወት ምንባርን ዝምልከት ዛንታታተን ንምንጋር ጨርቂ ይሰፍያ፣ እዚ ድማ ፀለመ፣ ሕፍረት፣ በደለኛ እየ ዝብል ስምዒት፣ ንነብሰን ምውቃስን ሓዘንን ክሰግራ የኽእለን።

**ስራሕ ኣካላት ዝተዳለዉ መደባት ካራቴን ኩዕሶ እግርን ዝኣመሰሉ መደባት ከም** 'ንኽብሪ ተቓለስ' ፣ ንፅንዓት ናይትን/ቶም ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ይድግፉ። እዚ ስፖርታዊ ንጥፈታት፣ እዚ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ነቲ ኣብ ሕመረት ስንባደ ዝርከብ ኣካላቶም ዳግማይ ክቆፃፀርዎ የኽእሎም። ፍሉያት ሜላታት ካራተ (ከም ምጉርፋጥን ምውቃዕን) ምስ ናይ ምስትንፋስን ምዝንጋዕን ምውስዋስ ኣካላት ብምውህሃድ፣ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ድሌቶም ናይ ምፅዓን፣ ንነብሶም ሓራ ናይ ምውፃእ፣ ዓርሰ/ርእሰ-ምትእምማን ናይ ምምዕባልን ህይወት ከም ብሓድሽ ከስተማቕርን ዘለዎም ሓይሎምን ዓቕሞምን ክግንዘቡ ይኽእሉ።

## ዝምከሩ ስጉምትታት

### ን ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ሓጋዚ፦

- እቲ ተሓካሚ ኣብቲ ናይ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ውጥን ክንክን ከም ዝሰማማዕ ኣረጋግፅ ከምኡ’ውን እቲ ተሓካሚ ክህልዎ ዝኽእል ዝኾነ ሕቶ ወይ ስክፍታ መልሱ
- ነቲ ተሓካሚ ናብ ቆፀራታት ምስኡ ኪድ፡፡
- ምዕባለን ዕግበት ናይቲ ተሓካሚን ምክትታል
- ምውህሃድ ኣተሓሕዛ ጉዳይ ከምኡ’ውን ስሩዕ ኣኼባታት ምሕደራ ጉዳይ ምውዳብ
- ን ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ሓገዝ ብቐፃሊ ምሃብ፡፡ እዚ ድማ ነዞም ዝስዕቡ ከጠቓልል ይኽእል፦
  - ን ተሓካሚ ምስማዕ
  - ድሌታታ/ቱ ምምላእ፣
  - ናታ/ናቱ መስርሕ ምሕዋይ ምትብባዕ
  - ነቲ ተሓካሚ ኣብቲ ሕብረተሰብ (ኣብ እምነት ዝተመርኮሰ፣ ስድራቤት ወይ ካልኦት) ደገፍ ንኽረክብን ንኽውደብን ምሕጋዝ
- ብዛዕባ ኣገባባት ምፅዋር ተሓካሚ፣ ናታ/ናቱ ስድራቤት ከምኡ’ውን ማሕበራውን መንፈሳውን ህይወት ሓበሬታ ምእካብ፡፡ እዞም መዳያት እዚኦም ነቲ ተሓካሚ ንሕውየትን ናብ ኩነታት ጥዕና ምምላስን ብኸመይ ክድግፍዎ ከም ዝኽእሉ ኣስተንትኑ

### ንስነ-ኣእምሮኣዊ ክኢላ፦

- ምስጢራውነት ከምኡ’ውን ኣብ ግንዛበ ዝተመስረተ ፍቓድ ፖሊሲታትን ምድጋም
- ናይ ተሓካሚ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ክንክን ድሌታት ምልላይ
- ብዛዕባ ኩሎም ኣብ ዓውዲ ክንክን ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ዝርከቡ ኣገልግሎታት ንተሓካሚ ምሕባር
- ምስቲ ተሓካሚ ብሓባር ናይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን ውጥን ምሕንፃፅ
- ን ስነልቦናውን ማሕበራውን ሓጋዚ ብኸመይ ነቲ ውጥን ስነ-ኣእምሮኣዊ ክንክን ክትድግፎ ከም እትኽእል ኣፍልጦ

> ስራሕ ኣካላት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፡፡ በዞም ከም ደርፊ፣ ሳዕስዒት፣ ካራቴ ከምኡ’ውን ናይ ምስትንፋስ ልምምድ ዝኣመሰሉ ተመላላእቲ ንጥፈታት ኣቢሎም፣ ኣዋልድን ደቂ ኣንስትዮን ሓይለንን መንፈሰንን ዳግማይ ይረኽባ፣ ፈጠራውን ስምዒታውን መግለፂ ዝህብ መሳርሒ ይረኽባን ነቲ ብኻልኦት ዝዓነወ ኣካላተን መሊሰን ከኽብራ ይመሃራ፡፡
>
> (ኣተሓባባሪ ዓንዲ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ኣብ ፓንዚ)

## ናይ ሕጊ ሓገዝ

ኣብ ፓንዚ ዝርከብ ናይ ሕጊ ድጋፍ ብነፃ ዝወሃበሉ ማእኸል ተሓከምቲ ሰባት ሰሙናዊ ናይ ግንዛበ ምዕባዪ መደባት ዝእንግድ ኮይኑ፣ ብዘይካ እቲ ፆታዊ ጥቓዓት ዝምልከት ሕጋዊ ቅርፅን ኣገባባትን ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ብዝርዝር ዝገልፅ እዩ፡፡ ብዙሓት ተሓከምቲ ሰባት ብሰንኪ ሓደ ካብ'ዞም ክፍለ ግዜታት ናብቲ ናይ ሕጊ ድጋፍ ብነፃ ዝወሃበሉ ማእኸል ይመፁ፡፡ ይኹን እምበር፣ ብዙሓት ብፍቓዶም እውን እዮም ዝመፁ፡፡

ኣብቲ ቀዳማይ ኣኼባ፣ ጠበቓን/ወይ ኣብ ናታ/ናቱ ንኡሳን ሕጋዊ ጉዳያት ዝሰልጠነ ሰብን ነታ/ነቲ ብህይወት ዝተረፈ/ት ብዛዕባ ሕጋዊ መሰላታ/ቱን ኣብታ ሃገር ዘሎ ሓባራዊ ሕጋዊ ኣገባባትን ይሕብራ/ሮ፡፡ ብተወሳኺ እቲ/እታ ብህይወት ዝተረፈ/ት ሰብ ንሓደ ጉዳይ ናብ ዝምልከቶም ኣኽበርቲ ሕጊ/ወይ ኣካላት ሕጊ ክሕብር/ክትሕብር ኣብ ዝወሰነሉ/ትሉ እዋን እንታይ ክትፅበ ከም እትኽእል ሓበሬታ ክህቡ እዮም፡፡ እዚ ድማ ክካየድ ዝኽእል ንውሓት ሕጋዊ መስርሕ ከምኡ’ውን እቲ ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ እንተቐሪቡ እንታይ ከም ዝኸውን የጠቓልል፡፡ እቲ ጠበቓ ምስቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ብሓባር ነቲ ኩነታት ይትንትን እሞ እቲ ጉዳይ ብሓቂ ናብ ፍርዲ ናይ ምቕፃል ተኽእሎኡ የመልከት፡፡ ካብዚ ዘተ ብምብጋስ እቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ብወግዒ ሕጋዊ መስርሕ ክጅምር ድዩ ኣይጅምርን ይውስን፡፡ ሕጋዊ ስጉምቲ ከይትቕፅል እንተ ወሲና፣ እታ ብህይወት ዝተረፈት ኣብዚ ውሳነ ክትፀንዕ ትተባባዕን ትድገፍን፡፡ ሰራሕተኛታት ፓንዚ፣ ኣብ ዝኾነ እዋን ነቶም ካብቲ ሓደጋ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ናብ ዝኾነ ውሳነ ኣየገድድዎምን እዮም – ሕጋዊ፣ ሕክምናዊ፣ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ወይ ማሕበረቑጠባዊ ክኸውን ይኽእል፡፡

እንተኾነ ግን ሕጋዊ ስጉምቲ ክትቕፅል እንተ ወሲና፣ እቶም ሰብ ሞያ ሕጊ ምስ {1>ክብርቲ ኣደይ<1}፣ ብምትሕብባር ነታ ብህይወት ዝተረፈት ሰብ ብሕጋዊ መስርሕ ይመርሕዋ፡፡

ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ካብ ርሑቕ ዝጓዓዙ እንተኾይኖም፣ እቲ ናይ ሕጊ ድጋፍ ብነፃ ዝወሃበሉ ማእኸል ኣብ እዋን መስርሕ ፍርዲ ብህይወት ዝተረፉ ሰባትን ስድራቤቶምን ክፀንሑሉ ዝኽእሉ ንእሸቶ መተሓላለፊ ገዛ ኣለዎ፡፡

ፓንዚ ኣብ ገጠር ማሕበረሰባት ብርክት ዝበሉ ኣናእሽቱ ናይ ሕጊ ድጋፍ ብነፃ ዝወሃበሎም ማእኸላት እውን የካይድ እዩ፡፡ እዘን ክሊኒካት ብንኡሳን ሕጋዊ ጉዳያት ዝሰልጠነ ሰብ ዝመሓደራ ኮይነን ክልተ ኣባላት ዝሓቑፉ ጋንታታት ኮይነን እየን ዝሰርሓ፦ ሓደ ወዲ ተባዕታይን ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲን፡፡
ብዛዕባ ሕጋዊ ቅርፂ ሓበሬታ ይህቡ፣ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ይሰምዑ፣ ናብ ዝምልከቶም ትካላት ይመርሕዎም ከምኡ’ውን ኣገባብ ፀብፃብ ይገልፁ፡፡ ብተወሳኺ ኣብ ንጥፈታት ምዕባይ ንቕሓት ይሳተፉ፣ ከምኡ’ውን ምስ መራሕቲ ማሕበረሰብ ብምትሕብባር ሕጋዊ ስጉምቲ ክወስዱ ንዝደልዩ ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ደገፍ ንምዕባይ ይሰርሑ፡፡

## ዝምከሩ ስጉምትታት

**ን ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ሓጋዚ፦**

- ነቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ብዛዕባ እቲ ናይ ሕገ ድጋፍ ብነፃ ዝወሃበሉ ማእኸል ዝዳለዉ ሰሙናዊ ናይ ግንዛበ ምዕባዩ መደባት ምሕባር
- ነቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ናብቲ ናይ ሕገ ድጋፍ ብነፃ ዝወሃበሉ ማእኸል ንኽኣቱ ምሕጋዝ
- ነቲ ጉዳይ ምክትታል፣ ምዕባለ ምክትታልን ምስ ሰራሕተኛታት ናይ ሕገ ድጋፍ ብነፃ ዝወሃበሉ ማእኸል ምዝርራብ

**ንናይ ሕገ ድጋፍ ብነፃ ፡ዝወሃበሉ ማእኸል፦**

- ነቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ብዛዕባ ሕጋዊ መሰላትን ሕጋዊ ኣገባባትን ኣብታ ሃገር ምሕባር
- ዝተፈላለዩ ባእታታት ናይቲ ብክሊኒክ ዝወሃብ ናይ ሕገ ሓገዝ ግለፅ
- ምስጢራውነት ግለፅ
- ነቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ሕጋዊ ስጉምቲ ክወስድ ድዩ ኣይቕፀልን ኣብ ዝብል ኣብ መረዳእታ ዝተመርኮሰ ውሳነ ኣብ ምሃብ ደግፎ
- ካብ ጥርዓን ጀሚሩ ክሳብ መደበር ፖሊስ ክሳብ ቤት ፍርዲ ኣብ ምሉእ መስርሕ ነቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ ሓግዞ
- ንነፍሲ ወከፍ ጉዳይ ሕጋዊ ፋይል ፍጠር። እዚ ኣብ ዝዕፆ ካቢነ ክኽዘን ኣለዎ (እዚ ካብቲ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ሓጋዚ ዝዕቀቦ ዝተፈልየ ፋይል እዩ)
- ነቲ ፋይል ብሕክምናዊ ኣቀባብላ ቀጥዕታት፣ ዝተፈረመ ናይ ሪፈራል ቅጥዕታትን ካልእ ኣገዳሲ ሰነዳትን ኣዘምኖ

**ኣብቲ ፍፃመ እቲ ናይ ሕገ ድጋፍ ብነፃ ዝወሃበሉ ማእኸል ናይቲ ብህይወት ዝተረፈ ሰብ መእተዊ ነጥቢ እዩ፦**

